
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.15 | ሓሙስ 17 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ ክድህሰስ እንከሎ


ገጽ 5 — ትሕት ኢልና ንበርኽ


ገጽ 7 — ምልክታ

ገጽ 11 — ምምሕዳር ማእከል ከተማ ንተካእቲ ሀጸናት...




# ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ምስ ሚኒስተር ንግዲ ስዑድያ ኣብ ንግድን ወፍሪን ዘትዩ

ብሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ኣቶ ሓጎስ ጉብረሂወትን ሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ኣቶ ነስረዲን በኺትን ዝቘመ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ ሚኒስተር ንግዲ ስዑድያ ዶ/ር ማጅድ ቢን ዓብደላ ኣልቃሰቢ፡ ኣብ ምድንፋዕ ዝምድናታት ዘትዩ።

እቲ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቀትሪ ኣብ ሪያድ ዝተኻየደ ርክብ፡ ብኣውርኡ ኣብ ምምዕባል ንግድን ወፍሪን ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ15 መስከረም ምስ ምኽትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ወሊድ ኣልኽረጂ፣ ብ14 መስከረም ድማ ምስ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ሚኒስትሪ ጸዓትን ሃገራዊ ኩባንያ ነዳዲ ስዑድያ - ኣራምኮን ተመሳሳሊ ርክባት ኣካዩዱ ነይሮም።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያትን ምዕባለታትን እውን ከምእተዘርበ፡ እቲ ዘበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



# ዓዲቐይሕ - ኣብ ምልላይ 'ዝረጠበ መምርሒ ምዘና' ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ተዋሂቡ

ብቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ዝተወደበ፡ ኣብ ምልላይ ዝረጠበ መምርሒ ምዘና ዘተኮረ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና፡ ንሓለፍቲ ስነ-ምምህርና፡ ሱፐርቫይዘራትን ርእሰ-መምህራንን ተዋሂቡ።

ኣሰልጠንቲ ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ምዘና ኣገዳሲ ኣካል መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ከምዝኾነ፣ ዝዓለ ውጥን ምህሮ ድማ ንምዘና ዘጣመረ ክኸውን ከምዝግባእ ገሊጾም።

ምዘና ዓቕሚ ተመሃራይ፡ ፍልጠቱ፡ ርድኢቱ፡ ከምኡ'ውን ምእካብን ምትንታንን ሓበሬታ ዝፍትሽ ኣገባብ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነዚ ዝበቅዕ ቅጥዕታት ክህሉ ከምዝግባእ ሓቢሮም።

ሓላፊ ስነ-ምምህርና መምህር ሙብራህቱ ተስፎምን ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ'ቲ ን/ዞባ መምህር በየነ ተስፋይን ብወገኖም ዕብየት ተመሃራይን ትምህርትን ከምኡ'ውን ደረጃ ምትራፍን ምሕላፍን ተመሃራይ ንምውሳን ምዘና ከምዝውሰድ ብምግላጽ፡ ርጡብ መምርሒታት ምኽታል ወሳኒ ምዃኑ ኣብሪሆም።

# ገዲም ተጋዳላይ ቀለተ ኣብርሃም ጉዱም ተሰዊኡ



ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ተኣላዪ ሰንኩል - ገዲም ተጋዳላይ ቀለተ ኣብርሃም ጉዱም፡ ብ15 መስከረም ኣብ መበል 73 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ኣብ መሪሕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ቀለተ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊ መጉዓዝያን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ቀለተ ኣብርሃም፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ውሉዳትን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 16 መስከረም ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ቀለተ ኣብርሃም ጉዱም ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ ፈተውቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ኣብ እምበይቶ - ን/ዞባ ማይዓይኒ፡ ሓድሽ ፕሮጀክት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ተዋዲዱ

ኣብ እምበይቶ - ን/ዞባ ማይዓይኒ ብምትሕብባር ህዝብን ደገፍ መንግስትን ብልዕሊ 2.3 ሚልዮን ናቕፋ ዝተዋደደ ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ብ15 መስከረም ተመሪቑ።

እቲ ፕሮጀክት፡ ምኹዓት ልዕሊ 10 ሜትሮ ዝዕምቈታ ዒላ፡ ምስራሕ 125 ፊሉቶ ዝሕዝ ባስካን ኣርባዕተ መዐደሊ ነቑጣታትን፡ ምዝርጋሕ ኣስታት 2 ኪሎ-ሜተር ሻምብቆታት፡ ከምኡ'ውን ምውዳድ ጸሓያዊ ጸዓት ከምዘጠቓልል፡ ሓላፊ ጨንፈር ማይ ዞባ ደቡብ ኣቶ ኩብሮም ምስግና ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት ገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ኮሚተ ልምዓት ማይ እምበይቶ ኣቶ ሃይለ ተስፋማርያም፡ ነቲ ፕሮጀክት ኣስታት 1.5 ሚልዮን ናቕፋ ብጉልበት፡ ልዕሊ 876 ሽሕ ናቕፋ ድማ ብገንዘብ ወጻኢ ከምእተገብረ ብምጥቃስ፡ ነቲ ስራሕ ንምዕዋት ልዑል ኣበርክቶ ንዘገበሩ ሱብ-ሞያ ሃብቲ ማይን ተቐማጦ እምበይቶን ኣመስጊኑ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ሳላ'ቲ ዘሰላሰልዎ ዕማም፡ ብቐረባ ውሑስን ጽሩይን ማይ ክስትዩ ከምዝበቕዑ ብምሕባር፡ ተመሳሳሊ ልምዓታዊ ንጥፈታት ንምትግባር ዘለዎም ድሉውነት ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ማይዓይኒ ኣቶ ኣፈወርቂ ርእሶም ድማ፡ እቲ ፕሮጀክት ብዓውት ብምዛዙሙ ንተቐማጦ እምበይቶ "የሃና" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ዝተራእየ ውህደትን ተወፋይነትን ንካልኦት ዓድታት ኣብነት፣ ንኻልእ ልምዓታዊ ዕማም ድማ ደራኺ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ውሑስ ምሕደራ ብምትእትታው ብግቡእ ክጥቀሙሉ ተላብዩ።

እምበይቶ፡ ልዕሊ 700 ህዝቢ ዝቕመጣ ሓንቲ ካብ ዓድታት ምምሕዳር ከባቢ ተኸላቢ ኮይና፡ ካብ ሓውሲ-ከተማ ማይ-ዓይኒ ኣስታት 13 ኪሎ-ሜትር ንሸነኽ ሰሜን ርሒቓ ትርከብ።



ስእሊ: ዘርኣይ ብርሃነ

ዜና

# ኣባላት ኣገ/ማእ/ተሃ/ ኤርትራ፡ ወለንታዊ ልግሲ ደም ኣካዪዶም

ኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶ ኤርትራን ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ ትካላት ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንኪ ደም ንምስሳን ትማሊ 16 መስከረም 45 ከረጺት ደም ለጊሶም።

እቲ መደብ "ብዘትካእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ነድሕን" ብዝብል ዕላማ ከም እተወደበ ዝገለጸት ካብ ኣወሃሃድቲ ወ/ሮ ግምጃ ገብረእግዚኣብሄር፡ ብደረጃ ኣሃዱ ብጥርኑፍ ክልግሱ ካብ ዝጀመሩ ነዊሕ እዋን ከም ዝገበሩ፣ ካብ 2017 ድማ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ብምቛም ዓመታዊ የገይድዎ ከም ዝነበሩ ገሊጻ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ልግሲ ደም ብዘይካ'ቲ ሂወት ወጹዓት ወገናት ኣድሒንካ እትረኽቦ ዕግበት፡ ኩነታት ጥዕናኻ'ውን እትፈልጠሉ ስለዝኾነ ድርብ ረብሓ ከም ዘለዎ ብምጥቃስ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ክስዕቦ ጸዊዖም።

ኣብ ሃገራዊ ባንኪ ደም ኤርትራ ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ነርስ መሓሪ ኣብርሃም ድማ፡ ኣብ'ዚ ሰናይ ተግባር ኩሉ ዜጋ ብፍላይ ድማ መንእሰያት ክሳተፉ ተላብዩ።

ሳላ ተበጻሒ ዘሎ ንቕሓትን ኣፍልጦን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሃገራዊ ባንኪ ደም ልዕሊ 80 ሚእታዊት ካብ ጠለባት ሆስፒታላት ሃገርና የማልእ ከም ዘሎ፣ ካብ 2021 ድማ ስድራቤታዊ ልግሲ ደም ተሪፉ ምሉእ ብምሉእ ብወለንታዊ ልግሲ ደም ይካየድ ምህላዉ ኣብሪሁ።



ስእሊ. ሄኖክ ተክለገርግሽ

## ጽንብላትና፡ ወግዑን ክብሩን ዓቂቡ ንኽመሓላለፍ ጻውዒት ቀረቡ

ባህላውን ማሕበራውን ጽንብላትና፡ ወግዑን ክብሩን ዓቂቡ ናብ ወለዶታት ንኽመሓላለፍ ብዕቱብ ክሰርሕ ከም ዝግባእ፡ ካብ ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ደቡብ - ኣቶ ተስፋይ ግርማይ ኣዘኻኺሩ።

ሓደ ካብ'ዞም ጽንብላት እቲ ኣብ መፋርቕ ወርሒ መስከረም ዝካየድ ንግደት ኣቡኑ ኣዝበስ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ስርዓትን ወግዕን ዝሕለወሉ፡ ከም'ኡ'ውን ህዝቢ ዝራኸበሉ ዓቢ ማሕበራዊ መድረኽ ስለዝኾነ፡ ብዘመን ኣምጽኦ መሳርሒታትን ስልማታትን ተዓቢሉ ሙብቁላውነቱ ንኸይህስስ፡ ብክኢላታት ዝተመርሐ መጽናዕታዊ ዳህሳስ ብምክያድን ምስ ሕብረተሰብ ብምትሕብባርን ምስራሕ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ምስ ዘመናውነት ተኣሳሲሩ ዝቀላቐል ዘሎ በረዚ ልምድታት፡ ንባህላውን ማሕበራውን ወርሻታት ደፊታተኖ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ብቐንዱ መንእሰያት ንቑሓትን ግዱሳትን ክኾኑ ተላብዮም።

ኣቶ ተስፋይ ግርማይ ኣብ መወዳእታ፡ ባህላዊ ወርሻታት ንምብርባርን መብቁላውነቱ ሓዙ ናብ ወለዶታት ንምስግጋርን ተበግጊሱ ዘሎ ንጥፈታት ክደፍኣሉ ጸዊዑ።

ንግደት ኣቡኑ ኣዝበስ፡ ዘራእቲ ኣብ ደረጃ ምውላድን ምሽዋትን በጺሑ፡ ሓረስታይ ምህርቱ ክቕምስ ብዝተሰፈ ኣብ ዝጸበየሉ ወቕቲ ዝካየድ ጽንብል'ዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284


## ሰልጠንቲ መበል 30 ዙርያ ቤት-ትምህርቲ ካድር፡ ናብ ታሪኻዊ ዕርድታት ግንባር ናቕፋ ዑደት ኣካዪዶም

ሰልጠንቲ መበል 30 ዙርያ ቤት-ትምህርቲ ካድር፡ ብ12 መስከረም ናብ ታሪኻዊ ዕርድታት ጺጋማይ ግንባር ናቕፋ ዑደት ኣካዪዶም።

እቶም ካብ ዝተፈላለየ ትካላት ዝተዋጸኡ መንእሰያት፡ ታባ ተኣማመን፡ ታባ ብልሓትን ታባ ወፋያትን ኣብ ዝበጽሑሉ፡ ብዛዕባ ታሪኽ ናይ'ቲ ዕርድታትን ኣብኡ ዝተፈጸመ ቅያታትን መግለጺ ተዋሂቡዎም።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ካድር ናቕፋ ኣቶ የውሃንስ ቀለታ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ብልሒ መላጺ ኮፍ ኢሉ፡ ኣብ'ቶም ዘይድፈሩ ዕርድታት ዝፈጸሞ ድንቂ ጅግንነት፡ ሐደት መዳርግቲ ዘርከቦ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ናብ'ዚ ታሪኽ ዝተፈጸመሉ ቦታታት ምብጻሕን ብዛዕባ'ቲ ታሪኽ ብዕምቈት ምፍላጥን ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ከም ዝኾነ ኣገንዘበ።

ኣብ ታባ ወፋያት ኣብ ዝተገበረ ናይ ምውርራስ መድረኽ፡ ኣብ እዋን ምርብራብ ኣብ'ቲ ቦታ ዓሪዶም ካብ ዝነበሩ - ጉዳም ተጋዳላይ ተኸስተ ኣባይ ካብ ኣስመራ ብቴሌፎን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ምጅማር 6ይ ወራር ኣብ ታባ ወፋያት ምስ ጸላኢ ብዛዕባ ዝተገበረ ግጥምታት፣ ጽንዓትን ጅግንነትን ተጋዳላይን ህዝብን፣ ከም'ኡ'ውን ስለ ሃገር ዝተኸፍለ ሪዚን ዋጋ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

እቲ ዑደትን ብዮጉብርን ክልሱ-ሓሳብን ዝቐሰምዎ ዓሚቕ ታሪኻዊ ሓበሬታን ዕግበት ከም ዝፈጠረሎም ዝገለጹ ሰልጠንቲ፡ ታሪኽ ቃልስና ዘየዳ ክዕቀብን ክንገርን ምእንቲ፡ ኣብ'ቲ ቃልሲ ዝተሳተፉ ብዮጊቡእ ክዘንትዉዎን ክመሓላለፍዎን እዋኑ ከም ዝኾነ ኣብሪሆም።

## ኣስመራ - ስልጠና ኣተሓሕዛን ምሕደራን ንህብን ምብዛሕ ሹም ንህብን ተዋሂቡ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ኣስመራ ብኣተሓሕዛን ምሕደራን ንህብን ምብዛሕ ሹም ንህብን ብዮጉብርን ክልሱ-ሓሳብን ንክልተ ኣዋርሕ ከሰልጥኖም ዘጸንሐ 41 ሓረስቶት ተመረቕም።

ብ15 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ኣስመራ ኣቶ ኣብርሃም እዮብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ሓረስቶት ሕጽረታቶምን ጸገማቶምን ባዕሎም ክፈትሑሉ ዝኽእሉ ናይ ስልጠና ባይታ ብምጥጣሕ፡ ውሑስ መኣዝዊ መግቢ ንኽሉ ኣብ ኩሉ ንምርግጋጽ ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

ኣሰልጠንቲ ብወገኦም፡ እቲ ዕላማ - ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ብሓፈሻ፡ መደብ ንኣብ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ንምዕዋት ድማ ብፍላይ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምህርቲ መዓር ብዓይነትን መጠንን ክብ ንምባል ከም ዝኾነ ገሊጾም።

ወኪል ተመረቕቲ ብወገኦ፡ ቀሲሞሞ ዘለዉ ስልጠና ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮኦም ንዘህልዎ ግደ ተረዲኦም ጻዕሪታቶም ከም ዝሕልዩ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ሓላፊ ሃብቲ እንስሳ ኣቶ ተስፋሂወት ጊላይ ብወገኦ፡ ንህቢ ዝዋንኡ ምሕደራን ኣተሓሕዛን ምስ ዝገበረሉ ፍረ-ጻዕርኻ ከም ዝዕድልኣካ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ነቲ ብዮጉብርን ክልሱ-ሓሳብን ዝተዋህበ ስልጠና ብስራሕ ክዋዕልዎን ኑቲ ፍልጠት ናብ ካልኦት ከሰጋግርዎን ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ወኪል ቤት-ጽሕፈት ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስራት ሃይሉ ኑቲ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝተኻየደ ስልጠና ብምምጓስ፡ ካልኦት ኣብያተ-ጽሕፈት ሕርሻ ተመሳሳሊ ተበግሶ ክወስዱ ተላብዩ።

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፈት ሓጐስ

## ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ክድህሰስ እንከሎ

ኣብ ዋኒን ትኣጥፍ ዝኾኑት ትካል፡ ሓደሽ ፍልጠት ክትድህስስ ዘኽእላ ባብ ንምርካብ ይኹን ሓደሽ ክእለታት ንምድላብ፡ ፍልጠት የድልያ እዩ። ዝኢ ፍልጠት ንምርካብ ድማ ህላወኣ ብዩረጃ ዓለም ክተሰፍሕ ኣድላዪ ምኻኑ ይግለጽ። ክንዲ ዝኾነ ከኣ ትካላት ዋኒን ካብ ሃገረን ወጻኢ. ወፍሪ ከካይዳ ምርኣይ ንቡር ካብ ዝኾነውን ሓያለይ እዋን ኣቑጺሩ ይርከብ። ኣብ 1999፡ ኣብ 32 ዓለምለኻውያን ከብቢያታት ዝተኻየደ ዓሚቕ መጽናዕቲ፡ እተን ትካላት ወፍሪ ንኸካይዳን ከየካይዳን ዝውሰዳ ረቛሒ. ኣብ መንጎ ሃገረን እታ ንወፍሪ ዝጥምታኣ ሃገርን ኣብ ጸዕቂ ናይቲ ዝቐደ ምርምራውን ምዕባለኣውን ዕዮ ፍልልይ ምስዘሀሉ ምኻኑ የመልክት።

ብዘወኻኸ፡ እተን ትካላት ዘድህባሉ ሓደሽ ክእለት ኣብ ምርምርን ምዕባለን ጥራይ ዘተኩር ዘይኮነስ ኣብ ምፍራይ፡ ኣብ ማስርሕ ወይውን ኣብ ምሕደራውን ዘድህብ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እዚ ከኣ ዋኒናት ኣብ ካልእ ሃገር ወፍሪ ከካይዳ እንክለዋ ኑቲ ዝውንንኦ ብቕዓት ብዝሰፍሐ መልክዕ ምእንቲ ክጥቀማሉ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ወፍሪ ዘካይዳሉ ቦታ ንዘሎ ፍልጠት ብምድህሳስ ሓደሽ ክእለት ንኸጥንብሉ ብምዕዓምውን ከም ዘካይድኦ ዘመልክት'ዩ። ስለዚ፡ ራቡዓ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኑታ ተቐባሊት ሃገርን ትካላታን ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ኑታ ወፍሪ ተካይድ ትካል'ዩ። ዝኢ ክልተ-ዝኣንፉ መረዳእታታት ምምልካት ድማ ምስ ቀጥታዊ ወፍሪ ተዛሚዱ ኣብ ዝቐደ ውሳኔታት ንዝህሉ ትጽቢት ኣብ ምቕናይ ሓጊዚ'ዩ።

### ቀጥታዊ ወፍሪ እንታይ ማለት'ዩ

ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ሓንቲ ዋኒን ወይውን ውልቀሰብ ካብ ሃገሩ ወጻኢ. ተካይዶ ዋኒናዊ ወፍሪ'ዩ። እዚ ከኣ ወፍሪ ትቕበል/ተኣንግድ ሃገር በቲ ሓደ ወገኑ በቲ ካልእ ድማ ወፍሪ ተካይድ ሃገር ምህላወን የመልክት። ቀንዲ መለለዪ ናይ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ፡ ኑቲ ዘወፍር ዘሎ ኣካል ብርኪ. ንኽጠቐኣ ዘኽእል ጥራይ ዘይኮነስ ወኒ. ጽልዋን ቁጽጽርን ከምዝሀልዎ ዝገብር ምኻኑ'ዩ። ዝኢ ንምትግባር ድማ ዝኾነ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣብ ውሳኔታት/ድምጺ. ናይታ ዋኒን እንተውሓደ 10 ሚእታዊት ብጽሒት ክህልዎ ከምዝዋጽእ መምዘኒታት ዓለምለኻዊ ማዕከን ገንዘብን ውድብ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ልምዓትን የመልክቱ። እዚ ናይ ድምጺ. መሰል ከኣ ካብቲ ኣብ ምምዛእ ብርኪ. ጥራይ ዘተኩር ወፍሪ ይፈልዮ።

ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. "ሓንቲ ዋኒን ኣብ ናይ ወጻኢ. ዕዳጋ ኣትያ ኣቑሑትን ኣገልግሎታትን ክትቕርብ ዘኽእላ ጥቕሊል እግመ ናይ ርእሰማል፡ ተክኖሎጂ፡ ክእለት ምሕደራን ዋኒንተኛትን ምኻኑ" እውን ይግለጽ'ዩ። በዚ. ከኣ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ክዙን ርእሰማል፡ ሓደሽ ተክኖሎጂታት፡ ዝማዕበለ ተግባራት ምፍራይ፡ ክእለታት ምሕደራን መካዘትን ከም ዝሓዘ "ወሀድ ጥማር" ክርኢ ይከኣል።

### ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ዝቐደሉ ኣገባብ

ወጻኢተኛታት ኣውፈርቲ ናብ ዕዳጋ ተቐባሊቲ ሃገራት ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክጽንበሩ ይኽእሉ። ልሙዳት ካብ ዝኾና ኣገባብ ከኣ ሀኣሉ ዝጀምር ወፍሪ (ግሪንፊልድ ኢንቨስትመንት)፡ ኣብ ዝጸንሐ ዋኒን ዝቐደ ወፍሪ (ብራውንፊልድ ኢንቨስትመንት) ከምኡውን ሓብራዊ ወፍሪ (ጆይንት ቨንቸር) እዮም።

እታ ቀዳመይቲ ኣገባብ፡ ኑቲ ኣብ ተቐባሊት ሃገር ዘካይዶ ወፍሪ ካብ ባዶ ባዕሉ ሀኣሉ ክጅምሮ እንከሎ'ዩ። እዚ ኣውፋሪ ሓደስቲ ትሕተቕርጻን መሳለጥያን ይሃንጽ፡ ሰራሕተኛታት ካብቲ ከባቢ. ይቖጽርን ምሉእ ዋኒናዊ ንጥፈት ዘቐውምን እዩ። እዚ ዓይነት ወፍሪ ኣብታ ተቐባሊት ሃገር ዝጠዙለ ሸቐለትን ቁጠባዊ ንጥፈታትን ዜፍጥር'ዩ። ብኣንጻሩ ድማ ግዙፍ ግዜን ርእሰማልን ዝጠልብ'ዩ።

እታ ካልኣይቲ ኣገባብ ማለት ኣብ ዝጸንሐ ዋኒን ዝቐደ ወፍሪ ድማ ዝጸንሐ ትሕተቕርጻን መሳለጥያን ብምኽራይ ወይውን ብምዕዳግ ኣመሓይሹ ዝጥቀም'ዩ። እዚ ኣገባብ ምስቲ ቀዳማይ ክጻጸር እንከሎ ዝቐልጠፈን ዝሓሰረን እዩ። ኣብ መስኸን ከም ጉዝን መሬትን ኣብ ዝኣማስሉ ቀወምቲ ንብረትን ድማ ብብዙሕ. ይርከብ። ኣብ ወጻኢ. ሃገራት ካብ ዝግበር ወፍሪ ከኣ እቲ ዝበዝሐ ከምዚ. ዝበለ ወፍሪ'ዩ።


እታ ሳልሰይቲ ኣገባብ ድማ ዋኒናት ናይታ ወፍሪ ተኣንግድ ሃገር ምስ ወፍሪ ዘካይዳ ዋኒናት ተሻሪኸን ዝካይድኦ ዋኒናዊ ንጥፈት ትምልክት'ያ። እተን ኣካላት ድማ ንዋንነት፡ መኽሰብን ስግኣትን ናይቲ ዋኒን ብሓባር ይኻፈልኦ። ናይ ወጻኢ. ዋንነት ብምድራት ዝግበር ሽርክነታዊ ዋኒን ድማ ብብዙሕ. ይርከብ። እዚ. ኣገባብ ካብ ወጻኢ. ንዝመጽእ ርእሰማልን ፍልጠትን ምስ ዘቤታዊ ፍልጠት ዘሳኒን ኣብ ምስፋሕ ተክኖሎጂ፡ ፍልጠትን ምሕደራዊ ክእለትን ዓቢ. ተራ ዝጻወትን እዩ።

### ምፍላምን ዕቤትን ዋሕዚ. ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ.

ኣጕዳስቲ ኣብ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ዝምርኩስ ናይ ልምዓት ስትራተጂ፡ ትሑት ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ ዘለወን ሃገራት ካብ 1960ታት እዩ ዝጀመረ። ካብ 1970ታት ንደሓር ድማ ኣጕዳስቲ፡ ኣብ ዓለማዊ ቁጠባ ቅልጡፍ ዕቤት ኣርእዩ። እዚ. ድማ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ፡ ሓደሹ-ለበራላውነት ኣብ ዝኸተሎ ኣገባብ ቁጠባዊ ልምዓት ግሉሕ ተራ ከምዝለዎ ዘመልክት'ዩ። ድሕሪ 1990ታት ድማ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣብ ቁጠባዊ ልምዓት ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ፡ ቻይናን ካልኦት ዘይማዕበላ ሃገራትን ተራኡ ክጻወት ከምዝጀመረ ይግለጽ። እዚ. ከኣ ኑቲ እታው ናይ ምትካእ ስትራተጂ (ኢምፖርት ሳብስቲቱሽን) ብምትካእ ዝተሰላሰለ ምኻኑ ይግለጽ።

ከምወጽኢቱ፡ ዓለማዊ ዋሕዚ. ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ግዙፍ ዕቤት ከርኢ. ከኣለ። ካብ 1970 ክሳዕ 1979፡ 24 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ዝበር. መጠን ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣብ መንጎ 2013-2022 ናብ 1.51 ትሪልዮን ዶላር ኣመሪካ ደዩቡ። ናብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝውሓዘ ወፍሪ ብ 115 ሚእታዊት ክየበ. እንከሎ ናብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝውሓዘ ድማ ብ 49 ሚእታዊት ዕቤት ኣርእዩ። ቻይና፡ ዘይማዕበላ ካብ ዝበዛላ ሃገራት ካብ 1990ታት ጀሚራ ተቐባሊት ናይቲ ዝዓበየ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ክትከውን ከኣለት።

ቻይና ብዙመካሮ ሃገራት ምብራቕ ኤስያ ተነቓቒሓ ኣብ ኣተሓሓዛ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣዝዩ ጥንቁቕ፡ ልዑል ቁጽጽር ዘለዎን ኣብ ዘበምታዊ ናጽነት ዝተመርኮሰን ፖሊሲ.ያ ተኸቲላ። ኑቲ ፖሊሲ. ዝደረኸ ከኣ ሃገራዊ ቀዳምነታት ዘለረ ናይ ኢንዱስትርያዊ ልምዓት ስትራተጅን ፖሊሲን እዩ። ክብዝንጋዕ ዘይብሉ ነጥቢ. ድማ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት ቻይና እወታውን ሓያልን ኣበርክቶ ከምዝለዎ ዝገልጽ ሓፈሻዊ ግምት ዋላ እንተሃለወ ከም ዘኻሙ መደምደምታ ምግባሩ ግና ኣጸጋሚ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ገለ መጽናዕቲ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ወኒ. ዘይሃሳ ንጽልዎ ወይውን ኣዝዩ ንእሽቶ ጽልዋ ከምዘገበረ ዘመልክት ክኸውን እንከሎ ገሊኡ ግና እወታዊ ጽልዋ ከምዝገበረ ዘመልክት ብምኻኑ'ዩ።




### ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ብመንጽር ደንበታት ስቱቑጠብ

ኣብ ስቱቑጠብ፡ ንቑጠባዊ ኩነታት ብዝተፈላለየ ዓይኒ. ዝርኢዩ፡ ብዙኡ መንጽር ከኣ ዝተፈላለየ መግለጽን መረዳእታን ዘቕርባ ሓያለይ ደንበታት (ስኩልስ) ኣለዋ። እዘን ደንበታት በቢ. ውልቀን ከምኡውን ብጽኩብ ዝጸዋዕሉ ስያመታት ዘለወን እየን። ምስዚ. ተላዒሉ ዘሎ ጉዳይ ብምትሕሓዝ ከኣ ኑቲ ናይ እኩብ ሰያመ ክንጥቀል ኢና። ክሳዕ እዚ. ቀረባ እዋን ኣብ ስቱቑጠብ ዓበላሊ. ቦታ ሐዙ ዝጸንሐ ደንቡ፡ ሓደሹ-ለበራላውነት'ዩ። ብመዳይ ቁጠባዊ ሓረግ ወይ ጅር ክርአ እንከሎ ከኣ ምስ ሓደሽ ክላሲካውነት ይዛመድ። እዚ. ናይ ኣተሓሳስባ ማስመር፡ እቲ ብዓብላልነቱ ዝፍለጥ ወይ 'መይንስትሪም' ተባሂሉ ዝግለጽ'ዩ። እቲ ካልኣይ ኣመለኻኽታ ድማ ካብቲ ዓበላሊ. ዝፍለ ኣረኣእያ ዘለዎ ኮይኑ 'ሀትሮዶክስ' ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ብኣመለኻኽታ ናይዚ. ዓበላሊ. ቁጠባዊ ኣረኣእያ፡ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣብ ቁጠባዊ ዕቤትን ምዕባለን ዘይማዕበላ ሃገራት ጥተር ኮይኑ ከምዝገልግል ይቖጸር። በዚ. መሰረት፡ "ንሃገራት ናብ ሓደ ናይ ሓብር መድረኽ ዘምጽእ ሓያል ሓይሊ." ተባሂሉ ይግለጽ። ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ትሑት ጥቕወና ወይውን ትሕቲ ትጽቢት ዝኾነ ብቕዓት ምስ ዝርከቦ ድማ ጠንቁ ብመንግስታት ናይተን ኣኣንገድቲ ሃገራት ብዘዮበር ምትእትታውን ቁጽጽርን ዝስዕብ ምኻኑ ይኣምኑ።

እዚ. ኣብ ጽልዋ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ዘሎ ዘኻሙ እወታዊ ኣረኣእያ፡ ኣብ ናጻ ዕዳጋ ምስ ዘሎ ምሕር እምነትን ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ.ን ዝበለጸ ዝርግሐን ንጥፈትን ምእንቲ ክህልዎ ተራ መንግስቲ ንእሽቶ ክኸውን ኣለዎ ምስ ዝብል ግዝዝ ተደሚሩ ካብ መፋርቕ 1970ታት ኣትሒዙ ኣካል ናይ ዓለምለኻዊ ስሉሳብ ቁጠባዊ ምዕባለ ክኸውን ክኢሉ'ዩ። በዚ. መሰረት ከም ዓለማዊ ባንክ ብዝኣመሰሉ ዓለምለኻውያን ትካላት ንዘይማዕበላ ሃገራት ዝውሃብ ናይ ፖሊሲ. ምኽሪ፡ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ናጻ ክበድፍ ኣለዎ ዝብል ኮይኑ፡ እቲ ምኽንያት ድማ

"ንምዕባለ ዝኸውን ለዋጢ. ክህሎት" ስለዘለዎ ዝብል'ዩ። ገለ ሃገራት ኑቲ ናጻ ናይ ምጉዓዝ ዕማም ካብ መፋርቕ 1980ታት እኳ እንተጀመርኦ እቲ ግሉን ዝኾነሉ እዋን ግና ካብ 1990ታት ጀሚሩ'ዩ።



ንጽልዋ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣብ ተቐባሊቲ ሃገራት ዘሎ መደምደምታታት እቲ መጽናዕትታት ካብ ዝተጥቀምሉ ሓበሬታ፡ ሜላን ኣገባብ ግምገማን፡ ኢኮኖሜትርያዊ ትንተናታትን ዝመንጨወ ምግርጫው እኳ እንተሃለዎ ኣብ ልዕሊ. ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ዘሎ እወታዊ ገምጋም ግና ፈጺሙ ኣይተኸምሀን። እዚ. ዓበላሊ. ቁጠባዊ ኣመለኻኽታ ዘለዎ መርገጺ፡ ኑቲ ብመጽናዕቲ ዜሮ ወይ ኣሉታ ምኻኑ ዝገለጸ ጽልዋ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ዝነሲ'ዩ። ሃንደስቲ ፖሊሲ'ውን እንተኾነ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት ተቐባሊቲ ሃገራት እወታዊ ምኻኑ ከም ቅቡል እያም ዝወስድዎ። እቲ ጉዳይ ግና ከምኡ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ጽልዋ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ኣብ ተፈጥጠ. ኩነት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራትን ከበቢታትን ዝምርኮስ ብምኻኑ።

እዚ. ከኣ ጽልዋ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ብጦዙርኣሱ ዝኸሰት ወይ ኣውቶማቲካዊ ነገር ከምዘይኮነን ኣብ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ከምዝምርኮስን ዘመልክት'ዩ። ገለ ካብቲ ረቛሒታት ድማ ምትእስሳር ኣብ መንጎ ወጻኢተኛን ሃገራውያን ዋኒናት፡ ክእለት/ተክኖሎጂ ይኹን ፍልጠት ናይ ምቕባል/ምቕሳም ዓቕሚ ሃገራውያን ዋኒናት፡ ምቹእ ዝኾነ ትካላዊ ሃዋህ፡ ትካላት ወጻኢ. ዝኣትዋሉ ኩነት፡ ዓይነት ዓቐማ ናይ ዝግበር ኢንዱስትሪ፡ ዓይነት ንጥፈት ናይተን ዓለምለኻውያን ትካላት ከምኡውን ዕድመ ናይቲ ወፍሪ ምጥቃስ ይከኣል። ኣብዚ. ዓውዲ. ኣተኩሮም ካብ ዝቐደዱ መጽናዕትታት'ውን እቲ እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ ዝበል መጽናዕትታት ካብቲ ወኒ. ጽልዋ የብሉን ወይውን ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ ዝበል መጽናዕትታት ንላዕሊ. ናይ ምሕታምን ምዝርጋሕን ባይታ ከምዘለዎ ይግለጽ። እቲ ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ናጻ ክበድፍ ኣለዎ ዝበል ምኽሪ ንዘይማዕበላ ሃገራት ድማ ምስቲ እዘን ሎሚ ማዕበለን ዘለዋ ሃገራት ዝጥቀማሉ ዝበራ ፖሊሲ. ዝጋጮ ምኻኑ'ዩ። እዘን ሃገራት ኣብቲ ናይ ምምዕባል ግዜአን ኣብ ልዕሊ. ቀጥታዊ ወፍሪ ወጻኢ. ዝተወደነ ኣድልዎ ከምዝነበረን ምፍላጥ ድማ ኣድላዪ እዩ።

ይቕጽል

# ቤት ትምህርቲ ሰውራ

## ካብ ምምስራቱ ምሕሳቡ ይብርትዕ፡ ዝያዳ ከኣ ፍርያቱ የኾርዕ!

መምህር ወልደዝጊ ቀለተ (ኣቡሓጎይ)
ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ



በዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ኣርእስቲ፡ ብዕለት 3-4 መስከረም 2026፡ ኣብ መበል 36 ዓመት ቍጽሪ 3ን 4ን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ፍልስፍናዊ መዳይ ምምስራት ትምህርቲ ኣብ ገድሊ ብሓፈሻ ገሊጸ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንኽምስረት ምሕሳብ ንብልሒ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዘምስክር ምዃኑ ከረድእ ፈቲነ ነይረ። ጻዕሪ ኣደታት፡ ኣቦታትን መምህራንን ከምኡ'ውን ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እውን ካብ ሪቕ ብሕፍንቲ ኣቕሪበ ነይረ። ተራን ብድሆታትን ፍርያት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናይ ዝኾኑ ተማሃሮ፡ ኣብ ቀጻሊ ብዓቕመይ ንኽቕርብ "ተቛጺርኩም ኣይበለና!" ተባሂልና ተፈላሊና ነይርና'ሞ ከመይ ቀኒኹም፧ ብመሰረት ቆጸራይ ዋላ ግዜ ይብላዕ ተመሊሰኩም ኣለኹ።

ተራ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን መንግስቲ ኤርትራን እምበረ መጠን ዕዙዝ እዩ። ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝፈረዩ፡ ኣብ ኩለን ትካላት ወይ ኣሃዱታት ውድብ ማለት፦ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ስለያን ጸጥታን፡ ኮማንዶ፡ ሓይሊ ባሕሪን ኣብ 11 ክፍልታት ውድብን፡ ብተወፋይነትን ብፈተውራርነትን ተጋዲሎም እዮም። ገሊኦን ኣሃዱታት ከም እኒ 72፡ መራኸቢታት፡ ሓይሊ ባሕሪ . . .እሞ ዝበዝሑ ኣባላተን ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም ዝነበሩ ሰነዳት ውድብ የረጋግጹ። ጨንፈር ትምህርቲ ካብ ክፍሊ ዜና ምስ ተፈልየ፡ ብተማሃሮን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተመስሪቱ። ብሓፈሻ ኩለን ትካላት ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ይዕበያ ይንኣሳ ካብ ፍርያት እዛ ቤት ትምህርቲ ተቛዲሰን እየን።

ዳርጋ ኩሎም ተማሃሮን መምህራንን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ዘዘተመደብዎ ኣሃዱታት ብብቕዓቶም፡ ተኣማንነቶም፡ ህርኩትነቶም፡ ተወፋይነቶም፡ ብተባላሓትነቶምን መሃዝነቶምን ምስጉናት ምንባሮም፡ ሕዉሳትን ንጡፋትን ስለዝነበሩ ብመሳርሕቶምን ሓለፍቶምን ፍቱዋት ከም ዝነበሩ ይምስክረሎም። ዝመስሎምን ዝሰምዖምን ካብ ምዝራብን ምትግባርን ድሕር ኣይብሉን እዮም። ሓሶት፡ ስርቂ፡ ምትላል፡ ምስ ዓበይቲ ምድፋርን ትሕተ-ሃገራዊ ኣረኣእያታትን ካብተን ብቐዳምነት ዝጽየኑወን ዘይሰውራውያን ተግባራት እየን። ፍርሒ እሞ ኣይመፋጥርቶምን እያ። እቶም ዕድለኛታት ኮይኖም ኣብ ተዋጋኢ ህዝባዊ ሰራዊት ዝተወዘዐ፡ ኣብ እዋን ኩናት ነብሶም ከይኣለዩ ምስ ጸላኢ ይድራገሙ ስለዝነበሩ፡ ድሕሪ ኩናት ግዳይ ነቐፌታ ይኾኑ ነይሮም። ጸላኢ (ወተሃደራት ኢትዮጵያ) ዝሰዕር ኮይኑ ኣይሰምዖም፡ ጥይት ጸላኢ ትቐትል ኮይና ኣይትሰምዖም።

እዞም ብራእይን ምስልን ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዝተመልመሉ ተጋደልቲ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ዝሰርሑዎ ቅያታትን ዘጋጠሞም ብድሆታትን ዘርዚርካ ኣይውዳእን እዩ። መረርቲ ብድሆታት በዲሆም፡ ኣብ መሬትን ባሕርን ኤርትራ ተሰዊኦም። ፈለምቲ መስረትቲ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ኮይኖም፡ ነተን ብዕሽሎም ኣብ ሳሕል ዘሳቕይኦም ዝነበራ ነፈርቲ ኩናት ቀሪቦም ዳህሲሶመን፡ ተክኢሻናትን ኣብረርትን ናተን ኮይኖም። ምኩሕን ጨካንን ኣብራሪ ሚግ ዝነበረ ምምራኺ ዘይምነዎ ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ፡ ሰማያት ኤርትራ ከም ቀደሙ ዘራያት ዘይብሉ መሲሉዎ፡ ብዕለት 05-06-1998 መደበር ሓይሊ ኣየር ኣስመራ ክሓርሶ ተሃንዲዱ ኣብ ዝመጸሉ፡ ሰማያት ኤርትራ ከም እተጸበየ ኣይጸንሓን። ጭርሑ ደጉሉ ንመቐለ ሃዲሙ። ብዕለት 06-06-1998 እቶም ምዑታት ዕሽላት ተማሃሮ በረራ ነፈርቲ ዝነበሩ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ በተን ንኣሽቱ ናይ በረራ መምሃሪ ነፈርቲ እግረ-እግሩ ሰዒቦም ዋጋ ዕብዳኑ ኣርእዮሞ ብሰላም ናብ ኣስመራ ተመሊሶም።

ነዳይን ሰነፍን፡ ምሩኽን ጠላምን፡ ኮሎኔል በዛብህ ጴጥሮስ ሕንከት ተሰሚዑዎ፡ ሕነኡ ንኽፈዲ ተሞኺልዩ ንሓይሊ ኣየር ኣስመራ ከዕኑ ንካልኣይ ግዜኡ ምስ መጸ፡ ኣብ መዕለቢ (runway) ዝተበላሸወት (ራታመ) ነፋሪት ውግእ ቀሪቦሙሉ ጸኒሖም። እዚ ስሉዕን ፈራሕን ኤርትራውያን ዝገበሩሉ ውዕለት ረሲዑ፡ ኣብ ዝዓነወት ነፋሪት ተሃኑ ከውጽእ፡ ንካልኣይ ግዜ ምስ ሚጉ ካብ ሰማያት ኤርትራ ናብ መሬት ኤርትራ ኣውሪዶሞ። ኣዝዩ ትሒቱ ብምብራር ነታ ራታመ ክሕምሽሻ እናተሃንደደ ብተራ-ጸረ ነፈርቲ ተወቒዑ። እዚ ዝተጠቕመሉ ስልቲ ነቲ ብዕለት 03-07-1984 ከምኡ'ውን ዕለት 17-11-1984 ንመማህርቶም ህጻናት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብፋክረስ ክድብድቦም ከሎ ኣዘኻኺሩዎም። ነቲ ዕሉል ናይ ኩናት ገበነኛ፡ ተራ ሓረስቶት ብበትሪ ማሪኾም ናብ ፓይሎታት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምስ ኣረኩብዎ፡ ሕነ ናይቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብውጉዝ ፋክረስ ዝኣለሾም መማህርቶም ክንፈዲ ከይበሉ፡ ተኸናኺኖም ናይ ምሩኽ መሰሉ ሓልዮምሉ። ንዕኡን ንመሰልቱን ከኣ ሰማያት ኤርትራ ዳግማይ ከምዘይድፈር ኣፍሊጦሞም።

ልክዕ ከምቶም ኣብ መሬት ኤርትራ ብኹሉ ዓይነታት ብረት እናተኳሸሑ ዝተሰውኡ፡ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ከኣ ፈጣናት እና ሓምበቡ ዝተሰውኡ፡ ኣብ ሰማያት ኤርትራ፡ ሚጋትን ሄሎኮፕተራትን እናኣብረሩ ተሰዊኦም። ስለዚ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ወከልቲ ናይ ሰለስቲኡ ክሊ ኤርትራ ማለት መሬት፡ ባሕርን ኣየርን ሰዉኣት እዮም። ነናይ ውልቆም ብዙሕ ጅግንነትን ዝናን እኳ እንተሃለዎም፡ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናይ ሓባር ውዕሎኦም ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እዚ ይመስል። ኣብዚ ሳልሳይ ክፋል ትሕዝቶ ጽሑፈይ ኣብ ኣበርክቶኦም ዘይኮነ፡ ዝያዳ ኣብ ዘጋጥሞም ዝነበረ ብድሆታት ከድህብ መሪጸ ኣለኹ። እቲ ካልኣይ ገድሊ ስለዝኾነ።

ኣብ ማሕበረ-ኮም ቤት ትምህርቲ ሰውራ እቲ ዝዓበየ ብድሆ፡ ሕማም ተውዚዕ እዩ ነይሩ። እዚ ሕማም'ዚ ኣብ ኩሎም ኣባላቱ ዝተራእየ ለበዳ ወኒ ንመስዋእቲ እዩ። ካብ 1975 ጀሚሩ ክሳዕ 1991 ዘጥቅዓና ሕዱር (chronic) ሕማም ድማ እዩ። በዚ ሕማም ዝሰዓበ ዘኽፍኣ ዕንወት እኳ እንተዘይነበረ ንናይ ትምህርቲ ገስጋስ ግና ናህሩ ቀኒሱዎ እዩ። ንኣብነት፡ እቶም ኣብ ነሓሰ 1975 ካብ ክፍሊ ታዕሊም ብቐጥታ ንምምስራት ትምህርቲ ኣብ ሰውራ ናብ ክፍሊ ዜና ዝተወዘዑ 30 ዝኾኑ ምሁራት፡ ስለዘይተቐበሉዎ፡ እቶም 25 ብጥሪ 1976 ናብ ህዝባዊ ምምሕዳር ከም ዝውዝዑ ተገይሩ። ኣብ 1979 ቁጽሪ ተማሃሮ እናበርከተ ኣብ ዝኸደሉ ዝነበረ እዋን፡ መብዛሕትኦም ተዓሊሞም ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኣተዉ ተማሃሮ፡ ኣይንምሃርን ኢሎም ክሳብ ናብ ናይ ሽዑ ምክትል ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ጥርዓኖም ስለ ዘቕረቡ፡ ድሒሩ ከም ዝውዝዑ ተገይሩ። ዝበዛሕና ኣብ 1988 ንታዕሊም ናብ ዓራግ ምስ ወረድና እውን እዚ ሕማም'ዚ ኣይገደፈናን። መጀመርታ ናብ ሩባ ዓራግ ምስ ኣተና፡ መጠበሪ ናይቲ ሕማም መታን ክኾነና፡ እቶም ምኩራት ዓለምቲ ኮማንዶ እኒ ብዓል እንግሊዝ፡ ጆማል፡ ሓሰን፡ ቻደ፡ ተኽላይ ወዘተ፡ "ንኽልተ ሰሙናት ተዓሊምኩም ክትውዝዑ ኢኹም" ኢሎሙና። እቲ ድሕሪ ናይ ክልተ ሰሙን ታዕሊምና ንኽንንዓሞ ተወጢኑ ዝነበረ መደብ ምስ ፈሸለ፡ ንዘይተፈልጠ እዋናት ከም እንፅለም ምስ ተገብረ፡ ካብ ዓራግ ሞሞሊቕና ናብ ድፍዓት ክንሃድም ፈቲንና።

ካብቶም ብሓደ መዓልቲ ዝሞለቑ፡ እቶም 6 ብዓል መምህር ማቴዎስ ስብሃትለኣብን ዮናስ ገብረመስቀልን ዘለዉዎ ዕድለኛታት ኮይኖም፡ ሰሊኾም ንድፋዕ ኣትዮምስ ኣብ ኩናት ኣርኪቦም። እቶም ዝበዝሑ ግና ዕድል ኣይገበሩን፡ ኣብ ከባቢ ሓሊበት ተታሒዞም ናብ ሩባ ዓራግ ተመሊሶም። ንኹላትና መምሃሪ ዝኸውን መቕጻዕቲ ድማ ተወሲኑሎም። ስርዓተ-ሕጊ ሻዕብያ ካብ መድፍዕ ክሳብ መርፍእ እዩ። ክጋደልን ክሰዋእን ስለዝበልካ ክትምሓር፡ ፈሪሕካ ካብ ኩናት ስለዝሃደምካ ከኣ ክትቅጻዕ ዝፈቅድ ኣይኮነን። ንቀይዲ በተኽ፡ እወታ ይኹን ኣሉታ ድርብ መዐየሪ የብሉን። ነዚ ሕጊ'ዚ ኣነ ባዕለይ ኣብ ለካቲት 1990 ተሞኩረዮ እየ።

ኣነ ሓደ ካብቶም ብ1988 ንመደበር ታዕሊም ዓራግ ወሪዶም ንፍሉይ ዕማም ተሓርዮም ዝተዓለሙ፡ ካብ ፈኮስቲ ብረታት ክሳብ ማእከላይ ብረት ዝተማህሩን እየ። ታዕሊምና ወዲእና ብሓባር ናብ መንቀሊ ቦታና ዝኾነት ዓሬርብ ተመሊስና። ሎሚ'ዶ ጽባሕ ንሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊት ንውዛዕ እና ተጸበና፡ ሕማም ተውዚዕ ብዝለዓለ ደጊሱና እናሃለወ፡ ኣነን ካልኦት ብዙሓት ብጾተይን፡ ኣሰር እቶም ብ1984 ኣንጻር ምጥፋእ መሃይምነት ንኺጋደሉ፡ ንወራር መሃይምነትን ድኽነትን ንምምካት ብስም "ዘመትቲ ምጥፋእ መሃይምነት" ዝፍለጡ ዝኸተቱ ኣያታትና፡ መምህራን ንኽንከውን ናብ ጨንፈር ትምህርቲ ተወዚዕና። ንኣይ ግን ሕማም ተውዚዕ መሊሱ በርቲዑኒ። ንምምህርና ካብ 1988 ክሳዕ 1990 ፈጺመ ኣይተቐበልኩዎን።

ብ1990 ካብ ቤት ትምህርቲ እምባልቀ ናቕፋ፡ ምስ ሓደ ጆማል ዝብሃል መጋድልተይ ናብ ሮራሓባብ ሞሊቕና። ቀጺልና ናብ ግንባር ሓልሃል ገጽና ገስጊስና። እቲ እዋን ንስርሒት ፈንቅል መናውራ ኣብ ግንባር ሓልሓል መጥቃዕቲ ዝግበረሉ ዝነበረ እዩ። ኣብ ከባቢ ድፋዕ ምስ በጻሕና፡ ንኣይ ኣባላት እንዳ ቁጠባ ናይቲ ኣብኡ ዝነበረ ኣሃዱ ይእርንቡኒ። ጆማል ግና ተወላዲ ናይቲ ከባቢ ስለዝኾነ ኣምሊጡ። ድሕሪ'ዚ ንኣይ ብሓደ ተጋዳላይ ኣሰንዮም ናብ ሩባ ኣውሎረይም የብጽሑኒ። ኣብኡ ብዓል ኣማኑኤል ጋምቤላ፡ ወልደዝጊ ዓንደገርጊሽ፡ ሃብቶም ካሕሳይ፡ ሙሴ ተኽለ (ኣውገት)፡ ኣስመሮም ኣረጋይ (ወዲ ፖርትሱዳን)፡ ዝርከብዎም 6 ከማይ ካብ እምባልቀ ዝሞሎቑ ይጸንሑኒ። ንኹልና ከም እሱራት ናብ ኩተማ ኣፍዓበት ይልእኩና። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣፍዓበት (ናይ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝነበረ) ንሰለስተ መዓልታት ብጽኑዕ ተቐይድና። ኣነን ወልደዝግን ኣብ ሓንቲ ሸላ ተኣሲርና። ደቂ ዓድን መሳልፍትን ምዃንና ዝፈለጡና መሲሉና ብፍርሒ ተሸቑሪርና ቀኒና። ኩልና ብተግባር ናይቶም ተጋደልቲ ተቖጢዕና። ክንሰዋእ ስለ ዝበልናስ ኣብ ሸላ (ካሜራ) ክዳጉኑና ኢልና ኣማሪርና።

ናብ 9ይ ገጽ ይቕጽል

# ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ትሕት ኢልና ንበርኽ

ሚርያም ዮሴፍ

ሓደ መንእሰይ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ናይ ድሕረ-ምረቓ ትምህርቲ ክከታተል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ትምህርቱ ዛዚሙ፡ ናብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ትካል ተመልሰ። ምስቶም ኣብቲ ትካል ንነዊሕ ዓመት ዝሰርሑ ገዳይም ሰራሕተኛታት ድማ ዕላል ከፈተ። እቶም ሰራሕተኛታት፡ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣትሒዞም ክሳብ እታ ዕለት፡ ኣብቲ ሞያን ኣብቲ ትካልን ዓቢ ተመኩሮ ዝደለቡ እዮም። እቲ መንእሰይ ነቲ ቅድሚ ሒደት ዓመታት ዝተፈልዮ ትካል፡ ካብ ናይ ትምህርቲ መደቡ ምስ ተመልሰ፡ ዝተፈልየ ኣቀራርባ ነበሮ። ብዛዕባ እቲ ንሱ ዝወሰኾ ትምህርቲ ማእከል ብምግባር ድማ፡ "ኣነ" እናበለ ብዛዕባ ነብሱ፡ ስርሑን ብቕዓቱን ኣጕሊሑ ክዛረብ ጀመረ። ብዓቕሊ ክሰምዑ ዝጸንሑ መሳርሕቱ፡ በጺሑዎ ንዘሎ ደረጃ ዝግባእ ክብሪ ድሕሪ ምሃብ፡ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ናይቲ ትካል ክውንነትን ግብራዊ ኣፈታትሓኡን ከረድኡዎ ፈተኑ። እንተኾነ፡ 'ኣነ ዝበልኩዋ'ያ ቅንዕቲ፡' ብዘስምዕ ቃና ርእይቶታቶም ክቕበል ቅሩብ ኣይነበረን። ትምህርቲ እንተኾናቶ ካብ ምባል ድማ ሓንቲ ፍጻመ ከዕልሉዎ ወሰኑ።

"ኣብ ሜዳሲ ዘይቲ ከም መማቕርቲ ተዋሂብና፡" ብምባል ሓደ ካብኣቶም ዕላል ጀመረ። "እንተኾነ ዝወሃባና ዝነበራ መቑንን፡ ኣዘየን ውሑዳት እየን። ሓዊ ምስ ሃረመን ከይጠፍኣ ተባሂሉ'ውን እቲ መግቢ ተሰሪሑ ምስ ተወድአ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ዘይቲ ኣሎዎ ንመበሊ እየን ዝኣትዋ። ኣነ፡ ተረኛ መጋቢ ከለኹ ዘጋጠመኒ ክዕለካ፡" ብምባል ኣንፈት ናይቲ ዕላል ቀየሮ። መሳርሕቱ ነቲ ዕላል ሓደስቲ ስለ ዘይነበሩ፡ ፍሽኽ በሉ። ዕላሉ ድማ ቀጸለ።

"ነዘን ብኽንደይ እዝግዮ ዝርከባ ዘይቲ፡ ኣብ ናተይ ናይ ምግብና እብረ፡ ከም ገለ ክብል ከዓኽወን። ቀደሙ እንታይከ ይጠኞማ ነይረን፣ እየን ናብራ ናብራ ቀደምና፡ ብምባል ስርሐይ ቀጺለ፣ ኣባላተይ'ውን መጊበ። እንተኾነ፡ ዝተዋህባና መቑንን ይብዝሓ ይውሓዳ ኣብ ግቡእ መዓላ ከም ዘይወዓላ ተፈልጠ።

"ከምዚ እናኾነ፡ እታ ግናይ ናይ ረቡዕ ኣኼባ መጽኣት። ሓቂ ትሓይሽ ኣብቲ ኣኼባ ክትለዓል'ያ ዝብል ግምት ኣይነበረንን። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ግን ይዕበ ይንኣስ ጌጋታት ክእረም ስለ ዝነበሮ፡ ኣነ'ውን ካብ ጌጋ ነጻ ኣይነበርኩን። 'ትማሊ ተራኛ መጋቦ ዝነበርኩም ዘይቲ ብግቡእ ኣይተጠቐምኩምሉን፣ እቲ ዘይቲ መን'ዩ ክዕይዎ፡' ዝብል ሕቶ ድማ መጸኣ፡ ግብረይ ፈሊጡ፡ ኣጽቅጥ



ኣበልኩ። ነጻ ግን ኣይወጻእኩን። ሓንቲ ብጸይቲ ስመይ ጸዊዓ ነቐፈትኒ'ሞ፡ ስቕ ምባለይ ኣብ ርእሲ ጌጋ ጌጋ ስለ ዝነበረ፡ ስለምንታይ ስቕ መሪጸ ተሓተትኩ። ካብታ ነቐፌታ ክገላገል ድማ ሃንደበት ዝህቦ መልሲ ቅልጭ በለኒ።

"እዋእ፡ ኣቱም ብጾት ሸሞንተ ታንኪታት ጸላኢ ኣቃጺለ ኣነ ዘይበልኩስ፡ ዘይጠቕማ ዘይቲ ክዕየ ኣነ ክብል፡ እታ 'ኣነ' ምባል ስለ ዘይከኣልክዋ እየ፡" ብምባል ነታ ጋንታ ኣዛንዩ ነቐፌታኡ ከፋኹስ ከም ዝፈተነ ኣዘንተወሉ። ንዝርድኦ ሓደ ዓቢ ትምህርቲ ዘሎዎ መልእኽቲ ወስ ኣቢሉ ናብ ዋኒኑ ተዓዝረ። እቶም ምስቲ መንእሰይ ዝተረፉ ክልተ ካልኦት ድማ ትቕብል ኣቢሎም፤

"ስለዚ መሲልካ እንታይ ኣምጻእካ እንድዩ ብጻይ፡ ንሕና ዘዕበየና ኣመጻጽኣ፡ ንኣይ ጥራይ ስምዑኒ፡ ኣነ'የ ብሉጽን ቅኑዕን ዝብል ኣይነበረን። ትምህርቲ ዘሎዎን ዘይብሉን ኩሉ በብኽእለቱ ንሰውራ ኤርትራ ስለ ዘበርከተ ኢና ተዓዊትና። ኣይኮነን ንኣሽቱ ነገራት፡ ንዝፈጸምናዮ ዓበይቲ ቅያታት'ውን ኣነ ኢልና ኣይጸወናሉን። ኣነ ምባል ኣየዕውተናን እዩ። ነቲ ብተመኩሮ ዝበልጸካ ሰብ ዋጋ ምሃብ'ውን ምልክት ስልጣነ እዩ። ሰባት ከኣ ብቐንዱ ብምምልላእ ኢና ንዓብን ንመሃርን። ሕጂ ሰናይ ናይ ምጅማር ግዜ ይግበረልካ። ዘለውና ብድሆታት ግን ኣብ ጉዕዞ ብሽመይ ይፍትሑ እናነጸረልካ ክኸይድ እዩ። ንስኻ በቲ ወሲኽካዮ መጺእካ ዘለኻ ፍልጠት፡ ንሕና ድማ በቲ ክሳዕ ሕጂ ዝደለብናዮ ተመኩሮ ተመላሊእና ክንሰርሕ ኢና፡" ብምባል ገዲፎሞ ነናብ ዋኒኖም ተመርቀፉ።

ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ሜዳ ካብ ዝነበረ፡ ክውረስ'ውን ካብ ዘሎዎ ባህሊ ሓደ፡ ትሕትና እዩ። "ደርብኻ ምቕታል፡" ይብሉ ነይሮም ተጋደልቲ። ዝመጻእካሉ ዓዲ፡ መነባብሮ፡ ማሕበራዊ ኵነታት፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ ሃይማኖት፡ ብሄር፡... ዝብሉ ጉዳያት፡ መሰረታውያን ሕቶታት ኣይነበሩን። ዝመጻእካሉ ደርቢ ትቕትል። ኣብ ሓደ ልዕሊ ውልቅኻ ዝሰራዕ ዕላማ ከኣ ትሰምር። ትሕትና ከኣ ሓደ ኢሉ ካብዚ ይጅምር። ደቂ ገጠር - ወዲ ከተማ፡ ሃብታም - ድኻ፡ ምሁር - ዘይተማህረ፡ ወዲ - ጓል፡ እስላም - ክርስትያን፡ ኩሉ ኣብ ሓደ ሓባርዊ ዕላማ ይሰምር። ደርብኻ ምቕታል ቀሊል መስርሕ እኳ እንተ ዘይነበረ፡ ናይ ሓባር መንነትን ዕላማን ኣብ ምህናጻ ግን እቲ ዝዓበየ ተራ ዝተጻወተ መቃለሲ ባእታ'ዩ ነይሩ።

ሕጂ ዘለናዮ እዋን ዝተፈልየ መድረኽ እዩ። ከምቲ ናይ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ፍልልያትና ብቐሊሉ ዘይቅተሉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣንነት ግን ኩሉ ግዜ ክቕተል ካብ ዘሎዎ ባህሪ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣንነታዊ ኣተሓሳስባ ምስጢር ዓወትና ኣይነበረን። ብሕጂ'ውን ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ብሓፈሻ ኣብዚ ዘለናዮ ተወዳዳሪ ዓለም፡ ሰባት ብቕዓትና ክብ ኣቢልና ካብ መሳርሕትና ኮነ ብጾትና ጸብለል ኢልና ናይ ምርኣይ ጥሙሕ ክህሉወና ይኽእል እዩ። ነውሪ የብሉን። ዕቤት ዘጽይን ሰብ'ውን ዘሎ ኣይመስለንን። ኣብ መወዳእታ ግን መዐየሪ ኣድማዕነት ወይ ውጽኢት ስራሕና፡ ድምር ውልቃዊ ኣበርክቶን ተመላላእነትን ደኣ እምበር ውጽኢት ጻዕሪ ናይ ሓደ ወገን ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ መንፈስ ሓደ ሓቂ ካብ ምግንዛብ'ውን ክጋርደና ይኽእል እዩ። ውልቃዊ ዕላማ ኣብ መንጽር ሓባራዊ ወይ ሃገርዊ ዕላማ ኣእቲና ክንርኢ ዘይምኽኣል፡ ካልእ ካብዚ ዝብገስ ጸገም ክኸውን ይኽእል እዩ።

ውልቃዊ ዕላማታትናን ራኢናን ኣብ መቓን ሃገራዊ ዕላማን ራኢን ኣሳኒና ምስ ዘይንኸይድ፡ ነብስና ቅድሚ እቲ ዝዓበየ ዕላማ ቀሩብ ኣርሕቕ ኣቢላ ሰጉማ ከይትህሉ ኵሉ ግዜ ግልጽ ምባል ኣይጽላእን። ኣንደልሂጽና እንተ'ለና ናብ ሓዲድና ንምለስ፣ ድሒርና እንተ'ለና ከኣ ፍጥነትና ንውስኽ። ብ 'ኣነ' ዝመለለይኡ ንጻዕርን ኣበርክቶን ካልኦት፡ ኣፍልጦን ክብርን ዘይህብ ባህርያት ዝተዓብለልና ምስ እንኸውን ግን ንዕቤትናን ዕቤት ሕብረተሰብናን ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ውልቃውነት የዕቢ፡ ሓባራዊ ስራሕን ናይ ምምልላእ መንፈስን ድማ የዕኑ። ብቐንዱ ድማ ንኽውንነት ብምልኣት ክንርኢን ግቡእ ንባብ ናይ ኵነታትና ክህሉወናን ኣየኽእልን እዩ።

ኣብ ሃገርና፡ ንኤርትራ ህይወቱን ዕድላቱን ዝኸፍል ዘሎ ዜጋ ማእለያ የብሉን። ምሉእ ህይወቱ ንሃገር ከርተት እናበለ፡ ክብደት ዕማሙ ኣብ ዝሕተተሉ እዋን ግን፡ "ኣነ ደኣ እንታይ ገይረ፣ ሰብ ካልእ እንድዩ ዝገብር ዘሎ፡" ክብሉኻ ከለዉ፡ ነዛ ነብስኻ ምንን ኢኻ ተብላ። ዓቢ ትምህርቲ ከኣ ትመሃር፣ ትሕት ምባል። ናይ ሓደ ደረጃ ትምህርቲ ባጀላ ምስ ሓዝና፡ ጫፍ ናይ ዓለም ዝበጻሕና ኮይኑ ዝስመዓና ሰባት ክንህሉ'ውን ንኽእል ኢና። ፍልጠት ግን ደረት የብሉን። ሰባት፡ ኪንዮ እቲ ንድልቦ ቀለም ዝኸይድ፡ ንቕሓትን ተመኩሮን ምስ ዘየሰንዮ፡ ጠቓሚ ትምህርቲ ኣይኮነን። ብኸምዚ መገዲ ምህሮና ንሕብረተሰብ ግብራዊ ለውጥን ማሕበራዊ ንቕሓትን ክፈጥር ምስ ዘይክእል ድማ፡ ማሃይም ካብ ምኻን ኣየናግፈናን። ብቐንዱ ፍልጠት እናወሰኽና ኣብ እንኸደሉ እዋን፡ ካብ ዝፈለጥናዮ ንላዕሊ ዘይንፈልጦ ብዙሕ ከም ዝተረፈና ክንግንዘብ ይግባእ። እቲ ንዓና ዝተርፈና ፍልጠት ከኣ፡ ኣብ ካልኦት ከም ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ፡ ንዝያዳ ዕብየት፡ ትሕትናስ ኣዝዩ መድለየና።

# ገለ ክውረስ ካብ ዘሎዎ ሰውራዊ ክብርታት

*ባህሊ ነቐፌታን ነብሰ ነቐፌታን፥* ሓደ ካብቲ ጌጋታት ኣብ ምእራም ኮነ እሩም ሰውራዊ ስነ-ምግባር ኣብ ምኹስኳስ ዓቢ ተራ ዝነበሮ፡ ባህሊ ነቐፌታን ነብሰ-ነቐፌታን እዩ ነይሩ። ገለኡ፡ ኣብዚ ሎሚ ኳንካ ከም ጌጋ ዘይትሓሰቦ ነቲ ሰውራ ግን መንነት ከልብሶ ካብ ዝኸኣለ ረቛሒታት ነይሩ። ኮይኑ ድማ፡ ክእረም ዝተደልየ ባህርያት ብቕሉዕ፡ ኵሉ ተጋዳላይ ብዝመሃረሉ ኣገባብ ናብ ሓፋሽ ይወርድን ግቡእ መደረኽ ነቐፌታን ነብሰ-ነቐፌታን ድማ ይካየደሉን ነይሩ። ሎሚ ኣብ ትካላትና ወይ ኣብ ዝኾነ ናይ ስራሕ ኣጋጣሚ፡ ነቐፌታን ነብሰ-ነቐፌታን እነዘውትር ውሑዳት ኢና። ኣራሚ ዘይብሉ ጌጋታት ክንዲ ኵምራ ኮይኑ ክሳብ ዝጸቕጠና ኣይንጸበ። ካልእ ዘየማዕብለና ባህሊ'ውን ኣሎ። ኣብ ከባቢና ኮነ ኣብ ትካልና ብዓይኒ ነቐፌታ እንዕዘቦ ተርእዮታት፡ ኣብ ግቡእ ግዜን ቦታን ምዝራብ ገዲፍና፡ ድሕሪ መጋረጃ እንሓምን ካዕቦ ንምድርን ውሑዳት ኣይኮናን። ኣብቲ ግቡእ መድረኽ ዘይተቐርቦ ወይ ዘይተቐርብዮ ምስ ተበሃልና ድማ፡ "ትርጉም ንዘይብሉ እንታይ ኣምሲለ ኣፈይ ዘርስሕ፡" ዝበላ ልሙዳት ርእይቶታት ኣለዋ። ኣፍና ከነርስሕ ፍቓደኛታት ምስ ዘይንኸውን፡ ግብራዊ ለውጢ ብዘየምጽእ ሕሜታ እዝኒ ሰብ ካብ ምርሳሕ'ውን ክንቁጠብ ኣሎና። ንዕቤትናን ዕቤት ትካላትናን ብሃናጺ መገዲ ክንተኣራረም ኣገዳሲ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ መድረኻት ድማ መቀያየምን መፈኻኸርን ዘይኮነ፡ ብግቡእ ክመሓደርን ውጽኢቱ ድማ ብእወታ ተረዲእና ክንመሃረሉን ንዕቤትና ሓጋዚ እዩ።

*ብቕዓት፥* ኣብ ሰውራ ምልስ ኢልና ሓደ ኣገዳሲ ተመኩሮ ንውሰድ። ሓደ ተጋዳላይ ክጋደል ንሜዳ ኤርትራ ኣብ ዝጽንበረሉ እዋን፡ ኪንዮ ካላሽን ሒዙ ምውጋእን ጸላኢ ምግጣምን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ናጽነት ምዕታር፡ ካልእ ሕልሚ ኣይነበሮን። እቲ ኣብ ሰውራ ዝተተኽለ መንግስቲ ግን ኪንዮ ኩናት ዝኸተሉ ካልእ ዓውድታት ውሑድ ኣይነበረን። ኵሉ እቲ ክትከስ ጥራይ ሓሊኑ ዝወጽአ ተጋዳላይ፡ ገለኡ ሓኪም፡ መምህር፡ መሃንድስ፡ መራሒ፡ ወዳቢ፡ ወዘተ ብምኳን ብልዑል ብቕዓት ንሰውራ ኣበርኪቱ እዩ። 'እዚ ኣይክእሎን፡' 'ሞያይ ኣይኮነን፡' ምባል ከም ኣምር'ውን ኣይስማዕን። እዚ ከም ተመኩሮ ምቕሳሙ ኣገዳሲ እዩ።

ብቕዓት፡ መድረኽ ብዘይ የገድስ ኣገዳሲ ባእታ ህላወ እዩ። ክንሰርር ክንበቅዕ ኣሎና። ኣብ ዝተዋፈርናሉ ሞያታት ብልዑል ብቕዓት ምዕያይ፡ ኣብ ዝጸንከረ እዋን'ውን ንጸገም ካብ ምቅላዕ የድሕነና እዩ። ብቕዓት፡ ውጽኢት'ቲ ኣብ ሞያና ኮነ ኣብ ሒዝናዮ ዘለና ዕላማ፡ ዘሎና ናይ ስራሕ ስነ-ስርዓት ስለ ዝንጸባርቕ፡ ኣገዳሲ መዐቀኒ ደረጃና እዩ። ኣብ እንግድዓ ዝበቕዑ ሰባት ተሰቒልና እንብርኽን ዝበቓዕና ዝመስለናን ሰባት እንተ'ለና ግን ነብስና ምፍታሽ ኣይጽላእን እዩ።

*ካብ ንዓይ ንብጻየይ፥* ሰውራ ኤርትራ ብጻይነት ብግብሪ ዝመሃረ ሰውራ እዩ። ክሳብ ናይ ህይወት መስዋእቲ ዝኸደ መግለጺ ብጻይነት ነይርዎ። "ንዓይ" ዘይኮነ "ንዓና"፡ "ኣነ" ዘይኮነ "ንሕና" ዝብሉ ባህርያት ኩስኩሱ። ኣብዚ ብውልቃውነት ዝተዓብለለ ዘመናዊ ዓለም፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ጽንኩር እዋን ዝተኾስኰሰ ኤርትራዊ ባህሊ፡ ናብ ወለዶታት ክውረስ ኣሎዎ። እዚን ካልእን ክብርታት፡ በቶም ሕጂ ዘሎና መእሰያት ክውረስ፡ በቶም ነዚ ክብርታት ዝፈጠሩ ወለዶ ድማ ክቕየስ ዘሎዎ ባህሊ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሙለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ጀሚላ ኢብራሂም መሓመድ ምባል ተረፉ ሰንበቱ ጻዕዳ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓጀር ተወልዴ ኣደይ ሂወት ተወልደ በራኺ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11መጋባእያ ቁ.44 ይቕረብ።

ብስም ብሩራዊት ኾኾብ ሓዚብማ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00037720 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ኣራ ቁ.ገዛ 2 ዝርከብ ናይ ፒዘርያ ትካለይ ንኣቶ ኤፈሮን ብርሃ ሃይሉ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ኣራ ቁ.ገዛ 02 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ብሩራዊት ኾኾብ ሓዚብማ

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ኣባሻውል ፕሎት 41R ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00023484 ፓርሰል N1ከዐበ/ዚፕ ኮድ ኣባሻውል 1A119 ጎደና 119-7 ቁጽሪ ገዛ 10 ዝርከቡ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር መለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1:007026 ብስም ዓወት በርሀ ሓጎስ ዝተመዝገበ ገዛ ብመሸጣ ስም ዋንነት ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፣ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይና ከሰልጦ ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ሰሚይሽ ሰረቐብርሃን ገብረእግዚኣብሄር

ወ/ሮ ገነት ኣለም ዘርኦማሹ ዝተፈቕደለን ናይ ሱቕ ጸጉሪ ጸጉራርኦሲ ንግዳዊ ትካለን፡ "ሳቢና ሱቕ ጸጉሪ ጸጉራርኦሲ" (SABINA HAIR DRESSING) ተባሂሉ ክፀየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ብስም ወ/ሮ ትርሓስ በርሀ መጃሹ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 11938 ቁጽሪ መዝገብ 10250 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ መሸጣ ዝርዝር ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንኣቶ ሚካኤለ ሙብራሁቱ ኪዳኑ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ - ተሌፎን 07610200፣ ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 01/07/2028 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ትርሓስ በርሀ መጃሹ

ብስም ገነት ኣርኣያ ተኽለሚካኤል ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00044671 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 175-8 ቁ.ገዛ 10 ዝርከብ ናይ እንዳ ፒዘርያ ትካለይ፡ ንኣቶ ተመስገን ገብረየሱስ ኣስረደ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 117-16 ቁ.ገዛ 11 ካብ ዕለት 01/09/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ገነት ኣርኣያ ተኽለሚካኤል

## ን2ይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ እንጀቕሎ
ዓይነቱ፦ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባቡ፦ ክፉት ጨረታ ሃገራዊ

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ክልኣት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከምጽእ ስለ ዝደለየ፣ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ እንጀቕሎ ብሸፉግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተወዳደርቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መንግስቲ ወረቐት የቕርቡ።
4. ተወዳደርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ/ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔተጎ) ብቑ.ቁጽሪ ተሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሓሙስ ዕለት 08/10/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጊዩ ዝቐረበ ተወዳዳሪ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተወዳደርቲ ሕጋውያን ወከልቲ ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ስነስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሓሙስ ዕለት 08/10/26 ሰዓት 10.00 ቅ.ቀትሪ ብግሉጽ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ፡ ዝምለስ ንእንጀቕሎ 10.000 ናቕፋ ብሲፒኦ (cpo) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9 . ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ተሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ




X. መራሒ ብብቕዓት ክመርሕ እንተኾይኑ በዞባዚኡ ፍልጠቱን ተሞኩሮታቱን ክዕቢ ይግባእ። መጽሓፍ ተወከሱ።
X. ኣብ ዝኾነ ጽፍሒ ዘሎ መራሒ ኣሳጢትን ደራኺትን ግብራዊትን መጽሓፍ ከንብብ ይግባእ። "ምንባብ ምሉእ ሰብ ይገብር።"
ኣከፋፈልቲ፦ ኣውጊት መሸጣ መጽሓፍቲ ሰቲት ስተሸሪ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፍረሂወት ባህታ እምባዩ፡ ኣቦይ ባህታ እምባዩ ተደላ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፀ8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ቁ.44 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልማዝ ገብረጻድቕ ዑቕባሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ብርጋዴል ጀነራል ገብረኪዳን ሃብተኣብ ሓንጣል ስለዝተሰኣወ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.44 ይቕረብ፡፡

ሉተኺዳን ሃብተማርያም ምሕረትኣብ ምባል ተሪፉ፡ ኪዳን ሃብተ ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን38/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ቁ.44 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ቡሊይሽ ጋይም ወልደገርገሽ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መንሱር መሓመድ ዓብዱን ዘሎ ናይ ገዛ ምልቃቕ ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መንሱር መሓመድ ዓብዱ፡ ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘየተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ግደይ ተወልደ ወልደሚካኤል፡ ስም ኣደይ ሮማን ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ሮማን ኣብርሃለይ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን38/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋባእያ ቁ.44 ይቕረብ፡፡

ተኸሳሲ ፍቓዱ ገብሩ፡ ብከሳሲ ሰለሙን ተሰፋይ ንጉዳይ ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ሕገሽ ሞኸስ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ዘሙይ ተወልደመድህን ልጃም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ኣቶ ገረዝጊሄር በርሀ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 11983 ቑጽሪ መዝገብ 3/06/26 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ዓዲ/ከተማ ገዛሳሚ ዝርከብ ናይ ቤት ማስተ ትካለይ፡ ንኣቶ ኣቤል ኣስመሮም ኣብርሃ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ዓዲ/ከተማ ገዛ ሳምዛ - ተሌፎን 07637611 ካብ ዕለት 01/04/2026 ክሳብ ዕለት 01/04/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

---

ብስም ኣቶ መሓመድሰዒድ ሰራጅ እስማዒል፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 7785 ቑጽሪ መዝገብ 6852 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ እንዳ ቸክለስታ ትካለይ፡ ንኣቶ/ወ/ሮ ሻምሱ ኣሕመድ በሽራ፡ ኣድራሻ ሓደሽ ዓዲ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ - ተሌፎን 07148024 ካብ ዕለት 11/08/2026 ክሳብ ዕለት 11/08/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ሕጋዊ ወኪል ሳሊሓ ዓሊ ሮሞዳን

---

ብስም ወላዲተይ ኣፍ/ሄር ሉቲና ወልደገብርኤልን በረኸት ዘርኡን ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑ. ውዕል 8,302 ከምኡ'ውን ብመለለዪ ቑጽሪት 1BRAIM014235 ብዕለት 22 ጥሪ/2025 ተመዝገቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ገዛ፡ ወላዲተይ ሉቲና ወልደገብርኤል፡ ብሂወት ከላ ሽይጣ ኣብ ማስርሕ ስም ምትሕልላፍ እንከለዉ ብሞት ስለ ዝተፈለየት፡ ኣነ ምርያም ኣብርሃም ወረሻ ስለ ዝረጋገጽኩ፡ እቲ ምትሕልላፍ ክቕጽሎ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳይና ክፍጸም ምኳኑ እሕብር፡፡

ወራ/ኣፍ/ሄር ሉቲና ወልደገብርኤል
ማርያም ኣብርሃም ኣርኣያ

---

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 14 መስከረም ክጅምር ምኳኑ ከተበስር ትፈቱ፡፡ ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ፡፡

ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ፡፡

ብደሓን ምጹ   ንዝያዳ ሓበሬታ   ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ፡፡

---

ኣቶ ሚሮን ርእሶም የውሃንስ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም "ራሕቦት ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (RAHBOT DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክጸዋዕ ስለዝተተሓተተ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ኣፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቑ. ስልኪ 110179 ደውሉ ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ሓውሲ ከተማ ማይ ድማ ዞን 1 ፕሎት 25 ፓርሰል F ስፍሓት መሬት 312 ት/ሜ፡ ብስም በረኸት ኢሳቅ ወልደጋብር ዝተመዝገበ ምርሒት ሰድ ኦርጅናል ስለዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዚዎ ዝበሎ እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ.ቴሌፎን 07138681 ደዊሉ ይርከበኒ፡፡ እንተዘይ ኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

በረኸት ኢሳቅ ወልደጋብር

# “ቅድመ ትምህርቲ፡ ንቐለማዊ ትምህርቲ ጥራይ ዘዳሉ ኣይኮነን” መም/ ኣበባ ሃብቶም

ቤትኤል ሰለሙን
ስእሊ፦ ዘብር ሰዒድ
(ኣገዜና/ዞባ ማእከል)

ኣብ ትምህርቲ ዝግበር ወፍሪ እቲ እኹል መኻእኻታ ዘይብሉን ወፍሪ ኣብ ህይወት እዩ። ኣብ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ ብቐዳሚት ተሰሪዑ ዘርከብ እንተ ሃልዩ ከኣ ጉዳይ ትምህርቲ እዩ። ውልቀ ሰባት፡ ስድራቤታት፡ ሕብረተሰባት፡ ሃገራት ብሓፈሻ ከኣ ዓለም ክትልወጥ ክትዓቢ ዘድልዮ መሰረታዊ ነገር - ትምህርቲ ስለ ዝኾነ። በዚ'ዩ ከኣ መንግስቲ ንህጻናት ምዕሩይን ብቑዕን ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ቀሊሒታኡ ናብ ቅድመ ትምህርቲ ጌይሩ ዝሰርሕ ዘሎ። ዝ ካብ ዓመት ትምህርቲ 2024/25 ብዕቱብ ተታሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ፣ ዕድላት ቅድመ ትምህርቲ ናይ ምስፋሕ መደብን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ኣመልኪትና፡ ምስ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣወሃሃዲት ስራሕ ናይ ቅድመ ትምህርቲ መም. ኣበባ ሃብቶም ዘካየድናዮ ቃለምሕተት እምበኣር እዚዩ - ሰናይ ንባብ-

መእተዊ ክኾነና፡ ድሕረ ባይታ ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ሃገርና ከመይ ነይሩ፧

ድሕረ ባይታ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ሃገርና ካብ ግዜ ሰውራ እዩ ዝጅምር። ብውሑድ ዓቕን ደኣ ይኹን እምበር፡ ጸቡቕ ይግየስ ነይሩ። ኣብቲ ፈለማ ናጽነት፡ ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ይካኣል። ክሳብ 2000 ዓ.ም፡ 90 ትካላት ቅድመ ትምህርቲ ጥራይ እየን ነይረን። ንሳተን ከኣ ኣብ ከተማታት ጥራይ ዝተወሰና እየን። ደሓር ግን፡ መርሓ ሕንጻጻት ብምንዳፍ፡ ብኸመይ ኣገባብ እንተ ተኻይደ ይሓይሽ ኣብ ዝብል መጽናዕቲ ተኻይዱ። እቲ ኣመሓሪ ብቴማዊ ኣገባብ ክኸውን መረዳእታ ተረኺቡ። መንግስቲ ዝ ጉዳይ ልዑል ኣተኩሮ ስለ ዝሃበሉ፡ ኣማኻሪት ኮይ ዝዕደመን ኣብዚ መዳይ ትምህርቲ ክቕስሙ ንዝተደልዩ ንዱዲ እንግሊዝ ከም ዝኸዱን ተገይሩ። ብድሕሪዚ፡ ኩሉ ምድላዋት ሸቶታት ሚለንየም'ውን ዝ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ቀዳምነታቱ ብምእታው ክሰርሓሉ ጀሚሩ። መንግስቲ ከኣ ምስ መበኣታ ለጊስ ዝርሓ ትካላት ቅድመ ትምህርቲ ከፊቱ። ሕጂ እቲ ቁጽሪ እንተ ርኢናዮ፡ ክሳብ 2007 ዓ.ም. 460 በጺሐን። ብድሕሪኡ ካብ 2016/17 ክሳብ 2024/25 ዓመት ትምህርቲ ናብ 829 ክዕብያ ክኢለን። እዚ መደብ ምስ ወጸ ከኣ ርእይ ለውጢ እዩ ተመዝጊቡ። ኣብዚ እዋን እዚ 2004 ትካላት ቅድመ ትምህርቲ ኣለዋ። ኾ'ውን ክውሰኻ ምኽንያት ኒቲ ዝቐደድ ዘሎ ንጥፈታት ርኢኻ እትግምቶ ሓቂ እዩ።

ጸቡቕ! ቅድመ ትምህርቲ ዝኽተሎ ኣገባብ ኣመሓሪ'ኸ እንታይ እዩ ዝመስል፧

ማዕረ ማዕረ ዕብየትን ዝርግሐን ናይዘን ትካላት፡ እቲ መጽሓፍቲ'ውን ሰለስተ ግዜ ከም ዝመሓየሽን ከም ዝኸለሰን ተገይሩ። ዋላ ደኣ ብቴማዊ ኣገባብ ይቕረብ እምበር፡ ንኹሉ ዓውድታት እዩ ዝሓቁፍ። ማሕበራዊ ኣስተምህሮ፡ ቁጽሪ፡ ቋንቋ፡ ስእልን መዛሙርን። እዚ ኣገባብ ኣብ ኩሉ እቲ ህጻን ዝህልዎ መዳያት ዘተኮረ ኮይኑ፡ ኣካላዊ፡ ስምዒታዊ፡ ማሕበራዊ፡ ግንዛበኣዊ፡ ባህላውን ሃገራውን ዝሓቁፈ ኮይኑ፡ ብዙሓብርን ጸወታን ተሰንዩ ከም ዝመሃሩ ይገበር። ኩሉ መጽሓፍቲ'ውን ብትሽዓተ ቋንቋታት ተዳልዩ ኣሎ። እዚ ክበልጽ ከለኹ፡ ካርክሰምና ተወዳዳሪ እዩ። መጽሓፍቲ ክዓሎ ከሎ፡ ኣብ ወሽጥና ጥራይ ዘይኮነ ምስ'ተን ኣብዚ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት ዝጻጸር ኢና። ርዋንዳ፡ ናሚብያ፡ ከኣ ትሰርሓሉ። ስለዚ፡ ካርክሰም ቅድመ ትምህርቲ በብእዋኑ ንኸልሶ ኢና።

## ኣገዳስነት ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርቲ ክሳብ ክንደይ እዩ፧

ኣገዳስነቱ ልዑል እዩ። እዚ ዕድመ ማለት ካብ 0-8 ዘሎ ክሊ ዕድመ ናይ ዝኾነ ቆልዓ 90% ኣእምሮኣዊ ምዕባለኡ ዝህልዎ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ክመሃሩ ከለዉ ዝያዳ ይቕልቦ፡ ይርድኦ፡ ኣስተውዒሎም የስተማቕርዎ፡ የናዝዝዎ ስለ ዝኾነ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዕድመ እዩ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝመሃሩ ቆልዑ ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎም፡ መሪሕነት፡ ተጻወርቲ፡ ናይ ምብህሃል ክእለቶም'ውን ልዑል ይኸውን። ቅድመ ትምህርቲ ንቐለማዊ ትምህርቲ ጥራይ እዩ ምባል ዘይኮነ፡ ግቡእ መረዳእታ ንኽህልዎን ተራኦ ይኹን ሓላፍነቱ ብግቡእ ንኽፍጽሞን ክሰርሓሉ ኣለዎ።

## ኩነታት ሞያዊ ዓቕሚ ሰብን ትሕተ ቅርጻን ከ ኣብ ከመይ ኩነታት እዩ ዝርከብ፧

እዚ ዘሎ ዓቕሚ ሰብ ንመጀመሪ እኹል እዩ። እንተኾነ፡ ስሩዕ ስልጠና ክህሉ ኣለዎ። ኣብ ዘዘባኡ ስልጠና ይወሃብ ኣሎ። ብቑዕ እዩ ዝበል ርእይቶ ግን የብለይን። ምኽንያቱ፡ ቅድመ ትምህርቲ ርእሱ ዝኸኣለ መዳይ ፍልጠት እዩ። ቅድመ ትምህርቲ፡ ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮንካን ኒቲ ቆልዓ ትምህሮ፡ ምሕብሓብ ኣሎኻ፡ ምእላይ ኣሎካ፡ ኣድካሚ እዩ እቲ ስራሕ። ምኽንያቱ፡ እዚ ግበር እዚ ኣይትግበር




ዞግቢያ ናታተን ካርክሰም ንደህሶ ኢና። ካርክሰም ተለዋዋጢ ምኻኑ ከኣ ኢና ንኣምን። ስለ ዝኾነ እዩ'ውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተማሓየሸ ዝኸይድ ዘሎ። ኒቲ ውድዓዊ ኩነታት ናይ ሃገርና ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ምስ ዓለም ዝወዳደር ትሕዝቶ እዩ ዘለዎ። ክልተ ዓመት ተማሂሩ ዝወጸ ቆልዓ እንታይ እንታይ ክሽፍን ኣለዎ ኣብ ዝብል'ውን መጽናዕቲ ኣካይድና ነይርና። ኣብቲ ወጽኢት መጽናዕቲ፡ ብፍላይ እቶም ኣብ ከተማ ዝቕመጡ ናይ ባህላውን ሃገራውን ስምዒቶም ስጡቕ ዝበለ ኮይኑ ረኺብናዮ። ሽው ማሕበራዊ ተዋሳእነት ብሓደ እዩ ተጠርኒፉ ነይሩ። ዝ ወጽኢት መጽናዕቲ ገምጊምና፡ ርእሳ ዝኸኣለት መዳይ ምዕባለ ንምግባሩ፡ ንባህልን ሃገራውነትን ኣብ ሓምሻይ መዳይ ምዕባለ ኣእቲና ኣዳሊናያ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ተማሂሮ ብፊተና ኣይኮኑን ብቕዓቶም ዝምዘኑ። ካርድ ምክትታል ምዕባለ ቆልዑ ዝበሃል ኣሎ። እታ መምህር ኒቲ ብዙግቦርን ጸወታን ዝወሃብ ትምህርቲ ብምክትታል ዘዳሉ ከም ዘይኣክል ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ሕልፍ ዝበለ ረብሓን ኣገዳስነትን ኣለዎ። እዚም ዝ ዕድል ዝረኸቡ ቆልዑ ፍቕሪ ምትሕግጋዝ፡ ማሕበራዊ ተዋሳእነት ይኸስቡ እንተ ሃልዮም ንሱቦም፡ ስድራቤቶም ኣከባቢኦም፡ ብዓቢኡ ከኣ ንሃገር ምዕባለ እዩ። መንግስቲ፡ ንምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚ ኣገዚ እዩ ዝኣምነሉ። ስለዚ፡ በዚ መድረኽ ዝሓለፉ ዜጋታት እንተ ደኣ ፈርዮም፡ ኒቲ ምዕባለ ሰብኣዊ ዓቕሚ ዝበል ሽቶ ብልክዕ ከረጋግጽ ይኽእል እዩ።

## መንግስቲ ካብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣትሒዙ ዝ ንጥፈታት ዓቢ ሒዝዎ ኣሎ'ሞ፡ ብዝዕባዚ ከተብርህልና፧

ልክዕ ኣለኺ፣ ካብ ዓመት ትምህርቲ 2024/25፡ እዚ ወፍሪ ናብ ኩሉ ዞባታት ምስ ተዘርግሐ፡ እቲ ቁጽሪ ብዝዓጸፈ እዩ ዓብዩ። በቲ ሓደ መዳይ፡ መንግስቲ ንማሕበራዊ ፍትሒ ብኣተኩሮ እዩ ዝሰርሓሉ። ስለዚ፡ ኑቶም እዚ ዕድላት ዘይነበሮም ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝርከቡ ህጻናት በሪ ከፊቱሎም ኣሎ። እቶም ተኸእዮም ዝጸንሑ ኣካላት ሕብረተሰብ ተረቢሖቲ ክኾኑ ክኢሎም ኣለዉ። እዚ ሕጂ ንመንግስቲ ዓቢ ጾር እዩ። ብመጠኑ ዋላ ምድግጋፍ ናይቲ ሕብረተሰብ እንተ ሃለወ፡ ኣብ መጻኢ ግን ኮማዊ ስረት ንምትሓዙ ክስራሕ ከም ዘለዎ ዘከራኽር ኣይኮነን። ብወገና'ውን፡ “መምርሒ ናይ ምምብሀዛል ኣብ ቅድመ ትምህርቲ” ከም ዝዓሎ ኮይኑ ተዘትዩሉ እዩ። ክብርቲ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ኣብ ዝተረኽበትሉ'ውን ብደረጃ ሃገር ከም ዝዝተየሉ ተገይሩ። ኣማሓደርቲ፡ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ሕርሻን ኣፍቶም እጃም ወሲዶም ኣለዉ። ሕጂ ዝተርፍ፡ ከመይ ጌርካ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብዚ ጉዳይ ተዕብዮ እዩ። ጥራይ ኣገዳሲ ኣይኮነን ትብሎም፣ ትክታተሎም ጥራይ ኢኻ። ሕጂ እታ ሞያዊት ናይ ስነ ኣኣምሮ ክእለታን ናይ ስነ ምምህርና ብቕዓታን ክብ ዝበለ ክኸውን ኣለዎ። ዝ ከኣ ቡቦዝዘኡ ብዘወሃብ ስልጠናታት ክተዕብዮ ይግባእ። ሕጽረት ናይ ሱፐርቫይዘራት'ውን ሓደ ካብቲ ዘለና ሃንፋት ስለ ዝኾነ፡ ናይ ሱፐርቫይዘራት ስልጠና ከኣ ኺ ኺ መምሃራን ክሰርሓሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ናይ ትሕተ ቅርጺ ከኣ፡ እዘን ትካላት ሓዚንኣ ዘለዋ ትሕተ ቅርጺ ብብቕዓቱ ብስፍሕ እዩ ኢልካ ክትዛረበሉ ዘኽእል ኣይኮነን። በዚ ዘሎ ኩነታት'ውን ኣብ ሓደ እዋን ክፍጸም ኣይክኣልን እዩ። እንተኾነ፡ ምስ ግዜ እቲ ክኸውን ተሓርዩ ዘሎ ዓይነት ትሕተ ቅርጺ ተግባራዊ ከም ዝኸውን እዩ እምነተይ።

## እዚ መደባት ክዓቢን ቀጻልነቱ ውሑስ ክኸውንን እንተ ኾይኑ እንታይ ክግበር ኣለዎ፧

ንሕና፡ እዚ መደብ ምስ ተበገሰ ኒቲ መምርሒ መምህር መለስና ፈቲሽናዮ ኢና። ካብ'ተን መምሃራን ንዝረኸብናዮ ሓበሬታ ወሲኽና ምምሕያሽ ገይርናሉ ኣለና። ሕጂ እቲ መጽሓፍቲ ካብ ትግርኛ ተርጒምና ብትሽዓተ ቋንቋታት ኣደ ከም ዝዓሎ ኢና ገይርናዮ። ኣይተሓተመን ክሕተም ግን ኣለዎ። ኣብዚሕካ ጥራይ ብወረቐት ምዕዳሉ ጸቡቕ ኣይኮነን። እዚ ክፍጸም ኣለዎ። ካልእ፡ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ኣገባብ ኣመሓሪ ብዙግቦር ዝተሰረተ እዩ ኢልና፣ እዚ ኣገባብ ክሳብ 3ይ ክፍሊ እንተ ዝቐጽል ወጽኢቱ ዝያዳ ምዓዘዘ። ምኽንያቱ ናብ መባእታ ምስ ሰገሩ፡ ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ስለ ዝኣትዉ ይኸብዶም እዩ። እቲ ዕድመኦም'ውን ናይ ጸወታ ዕድመ ስለ ዝኾነ፡ ስለዚ፡ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ እንተ ዝቐጽል ዝበል





መም/ ኣበባ ሃብቶም

ርእይቶ እዩ ዘለኒ። ብተወሳኺ፡ መጻጠፊ ኣቑሑት ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ጥራይ እዩ ክሳብ ሕጂ ዝሰርሕ ዘሎ። ስለዚ፡ ክሰፍሓሉ ዝኽእል መንገዲ ክፍጠር ኣለዎ። ብፍላይ ኣገደስቲ መጻጠፊ ኣቑሑት ኣለዋ። ብዓብኡ ግን ጸቒጠ ክዛረበሉ ዝደለ፡ መሰልጠኒ ማእከል ናይ መምሃራን ክህሉ ክኽእል ኣለዎ።

## ኣብ መወዳእታ ተሕልፍዮ መልእኽቲ እንተ ሃልዩ፧

ወለዲ ንደቆም ናብ ቅድመ ትምህርቲ ክሰዱ ምቹእ ባይታ ተፈጢሩሎም ኣሎ። ዝኾነ ወላዲ ከኣ እዚ ዕድል ከምልጦ ኣይግባእን። እቲ ናብ ቅድመ ትምህርቲ ዝለኣኽ ዘሎ ቆልዑ ብዘይካ'ቲ ናብ መሰረታዊ ትምህርቲ ዝገብሮ ምቅርራብ፡ ንመጻኢ ህይወቱ ዘገልግሎ ናይ ምብህሃል፡ ምትዕጻጻፍ፡ ተጻዋርነት ምህላው፡ መንከታዊ ክእለቱ ኩብ ምግባር፡ ብሓፈሻ ብኸለንትናኡ ዝሕሰሉ ዕድል ተፈጢሩሉ ኣሎ። ስለዚ ደጠቐምሉ። እቲ ረብሓ ፈለማ ኒቲ ቆልዓ እዩ፡ ቀጺሉ ደማ ኒቲ ወላዲ። ምኽንያቱ ረብሓ ዘለዎ ውላድ ስለ ዘፍሪ ዘሎ። ስለዚ፡ ወለዲ ብኸሞዚ ዓይነት መንገዲ ጠሚቶም ደቆም ናብ ትካላት ቅድመ ትምህርቲ ክልእኩ እሎ።

• • • • • • • • • • • •

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | 10 መትከላት ቤ/ት ሰውራ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 14:55 | ጨራ ጥዕና |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን |
| 18:30 | ዜና ትግረ |
| 19:00 | መበል 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኮንሰርት ካብ ባሕቲ መስከረም ብቐጥታ ዝመሓላለፍ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትመት |

ካብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ቤት ትምህርቲ ሰውራ

## ካብ ምምስራቱ ምሕሳቡ . . .

ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት፡ ዝግባእ ማዕዳን መግናሕትን ተዋሂብና፡ ናብ ጻብራ ተመሊስና። ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ጻብራ ዝነበረ ኣቦናን መምህርናን መዓሾ፡ ተቐቢሉ እጃሙ ምዒዱናን ጊሒሉናን ትምህርትና ቀጺልና። ነዊሕ ከይጸናሕና ድማ ናብ ዞባ ምዕራብ ተወዚዕና። ስለዚ እዚ ሕማም ብውሑዱ ነቲ ጽኑዕ ስርዓተ ሕጊ ህዝባዊ ግንባር ፈታቲንዎ እዩ። ንኣሽቱ ምስንኻላት'ውን ኣስዒቡ እዩ። ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ዝምስረት፡ ናብ ድፍዓት ጥራይ ኣይኮነን ምህዳም ዝርአ ነይሩ፡ ናብ ሱዳን ሃዲምካ እንደገና ናብ ሜዳ ምግዳል እውን ነይሩ። እታ ዝሓጸረት ፈውሲ ሕማም ተውዚዕ እዚኣ እያ ነይራ። ምኽንያቱ ከም ሓድሽ ተሰላፋይ ተዓሊምካ ብቐጥታ ናብ ሓይልታት ትውዛዕ። ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝዓይነተን ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይን እየን። ኣብ ገለ ክፋል ኣካለን፡ ቀልጢፉ ዝበላሾ ክፋል ነይሩወን። ብዙሕ ከየገልገላ ከምዝበላሸዋ ኮይነን ብፍላጥ እየን ተሰሪሐን። ሽዑ ዓማዊል ነቲ መለወጢ ኣካል ክገዝእዎ'ሞ ዘየቋርጽ መኽሰብ መታን ክረክቡ። ሻዕብያ ቤላ፡ ብሓገዝ ብዓል መካኒክ ተጋዳላይ ሚኪኤል ፍስሃየን መሳርሕቱን፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ነቲ መለዋወጢ ብናቱ ሜላ ሰሪዑ፡ ነቶም ብብግዜኡ መኽሰብ ክግሕጡለን ዝሃንደሱወን ኢንጂነራት ጀርመናውያን ማይ ኣዕሚኾሞም። እተን መካይን ድማ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ቅያር ናይቲ ኣካል ከይተገብረለን፡ ማዕረይን ኣቦታተይን ኣብ ህንጻት ሓዳስ ኤርትራ ከርከላሕ ዝብላ ዘለዋ ታሪኻውያን መካይን ኮይነን ኣለዋ።

ሻዕብያ ከም ሓሳብ፡ ተጋዳላይ ድማ ከም ትንግርታዊ ፍጡር፡ ንገድልን መስገደልን ክሰዕሩ ዘይገበርዎ የለን።



በዛብህ ጴጥሮስ ንካልኣይ ግዜ ኣብ ዝተማረኸሉ

ናብ ድፍዓት ክንሞሉቑ ከለና፡ ብናይ ጽዕነት መካይን (ኣደታት) ኢና ንጕዓዝ ነይርና። ኣብ ጉዕዞና ንኣናን ንመራሕቲ መካይንን ዝተፈላለዩ ብድሆታት የጋጥሙና ነይሮም። እዛ ስዒባ እትቐርብ ተረኽብ ዘረባ ንመልከት።

"እዘን ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እንግሊዝ ክምሃራ የብለንን!" እዚ ዳእላ'ዚ ሓደ ካብቶም ምኩራት መራሕቲ ናይተን ብ'ኣደታት' ዝፍለጣ መካይን ውድብ ዝነበረ ኣብ ከባቢ ሾንኮለት ብእንዳ 17 ዝፍለጥ ጉልጉል ብተግባራት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣማሪሩ ዝበሎ እዩ። እዞም ተማሃሮ እንታይ እዮም ገይሮም፣ ዝብል ሕቶ ኣወንዚፉ፡ ናይዘን ክሳብ ሎሚ ከም ተጋዳላይ ብዘይ ዕረፍቲ ንህዝቢ ኤርትራ ዘገልግላ ዘላዋ መካይን ገለ ክብለኩም።

እዘን መካይን፡ መኽሰበን ካብ መለዋወጢ ኣቕሓአን ንኽርከብ መታን፡ ብንግዳዊ ሽርሒ ካብ ናይ ሽዑ ዴሳዊት ዝነበረት ሃገረ ምብራቕ ጀርመን፡ ኣብ መፋርቕ 1980ታት ንህዝባዊ ግንባር ዝተወፈያ መርሰደስ ዘይተነግረ ግና እምብዛ ብዙሕ እዩ። "ሃበሮማት ደቀይ ሃየ! ነቲ ስኣን ዓቕመይ ኣቋሲለዮ ዝሓልፎ ዘለኹ፡ በቲ ፍሉይ ብልሕኹም ኣዳቒቕኩም በርብርዎ። ግና ሓደራኹም! ከይ ኮሓሓልኩም ኣቕርብዎ። ኤርትራዊ ዝናን ታሪኽን ምኩሕሓል ዘድልዮ ኣይኮነን። ድንግል ታሪኽ ስለዝኾነ ክትኩሕሉ ክትብሉ ከይተንቁርዎ።"

ናብ ዕላል ኣውቲስታ ኣደታት ክንምለስ። ኣብቲ እዋን'ቲ ህጻናት ስለዝነበርና፡ ኣቦይ ሓፋሽ ተጋዳላይ ፍትዊ ገብርሃንስ፡ ኣቦኦም ንብዓል በረኸት ፍትዊ (ወዲ ሓፋሽ) ኣውቲስታ ናይ ጽዕነት መካይን ህዝባዊ ግንባር ስለዝነበረ፡ ዝራኣናያ ዓባይ ናይ ጽዕነት መኪና 'ናይ ኣቦይ ሓፋሽ' ኮይና እያ ትስምዓና። እቲ ኣብ እንዳ 17 ነቲ ኣቓዲመ ዘቕረብክዎ ዳእላ ዝተዛረበ፡ ኣቦይ ሓፋሽ ድዩ ኣይኮነን መረጋገጺ የብለይን። እንዳ ሓፋሽ ግና ካብቶም ብምሉኦም ስድራ ቤቶም ሒዞም ዝተጋደሉ ብምኳኖም፡ ኣብ ዒላ እንዳቦይ ርእሶም ዓሬርብ እንስቀላ ዝነበርና መኪና፡ ናይ ኣቦይ ሓፋሽ ከምዝኾነት ኣሚንና ኢና ንስቀላ ነይርና። ካብ ዓሬርብ ክንብገስ ከለና፡ ብናይ እንዳ ሓፋሽ መካይን ተሰቒልና ናብ ድፍዓት ክንከይድ ኢና፡ ኢልና ኢና ንብገስ ነይርና። ወኒ መስዋእቲ! ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ሃጽ ኢልና ኮብሊልና፡ ኣብ ዱር ዓዳያት ሜዳ ኩዕሶ እንዳቦይ ርእሶም ሓኪልና፡ ንድፍዓት ንኽንሃድም ከም ኮማንዶ ብድሕሪት ዘዘሊልና ንጽዓነን ነይርና። ምስ ተሰቐልኩም'ከ እንታይ ትገብሩ ኔርኩም እንተ ኢልኩሙና፡ ዝረኣየት ዓይኒ ነእዳው ተስሕተን ከም ዘብሃል፡ ካብቲ ኣብ ውሽጢ መኪናኦም ዝጸንሓና ሽሻይ ቀንጢብጢብ ምባል ኣይንገድፍን ነይርና። ብፍላይ ብሽኮቲ እንተረኺብና፡ ሓደ ክልተ ንኣሽቱ ባኮታት ንምንጥል። ነተን ዝጎደላ ባኮታት ነርወይ ብሽኮቲ ኣውቲስታታት ውድብ ብኸቢድ ይቕጽዑለን ከምዝነበሩ ሎሚ እዩ ተሰዊጡና።

ዝረአየት ዓይኒ ኮይንና እምበር ዕላማና ንስርቂ ኣይነበረን። ዕላማና ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ሞሊቑና ናብ ድፍዓት ተጋደልቲ ሶሊኽና ብምእታው ንክንጋደል እዩ። ንእግረ መንገድና ካብ ዝረኸብናዮ ክንምገብን ካብ ምትሓዝ ድማ ከነምልጥን ስለዝነበረና፡ ሰውራዊ ስርቅን ምትላልን መጕዓዝትና ገርናዮም። እዚ ኣውቲስታ'ዚ ድማ ሓደ ካብቶም ግዳያትና ኮይኑ።

**ይቕጽል . . .**

## ሕላገት ገድሊ

ኣደ ጸገዓት ነይራ ትሕብሕብ ተፀንግል
ስፍራ ጸገዓት'ወ ተሰንቑ ተፋቕር
እው፡ ኩሊይ ነይራ'ዛ ስንቂ መዋእል
በዛ ብርዐይዶ'ታ ምስኣ ከዕልል።

ራኢኣ ህዝባዊ መትከላ'ውን ገድሊ
ነዚ ሎሚ ዝጀመረቶ ኣንገሃ ትማሊ
ትምህርቲ ምስ ማእቶት ብማዕረ ትኣሊ
ኣፍራይነት በላሕቲ'ወ እዛ ሕላገት ገድሊ።

ቤት ትምህርተይ'ወ ቤት ትምህርቲ ሰውራ
ኣብ ኩሉ ህይወተይ ትኾኒ ኣውራ
ብሶላ ህይወተይ ኣብ ኩሉ መዋጥር
እንታይ ምኾንኩ ነይረ ምሳኺ እንተዘይ መክር፣

መዓስ ቀለም ጥራይ ነይሩ'ቲ ከቢድ ስንቅኺ
ሃገራውነት እምበር'ቲ፡ ዓንዲ ሕቖኺ
ቁራጽነት ነይሩ ተሪር እምንቶኺ
ብጻይነት'ወ ተውርስ ካብኺ
ስለ ሓቅን ፍትሕን ክንብጆ ዝመልመልኪ
ሕላገት ገድልና ማዕከን ኩሉ ኢኺ።

ብሱብ ውዕሎ ዘቐለስ ማሕፉዳ ፍልጠትኪ
ሓፋሽ ንኽርህዎ ሽግ ፍልጠት ዘወላዕኪ
ሃገር ንኽትቕጽል መንነት ዘግሃድኪ
ዕሽላት ተቐቢልኪ ብመትከል ዝሃነጽኪ
ቀለምን ተግባራን ብማዕረ ዘሳነኺ
ኣንቲ መትኒ ሰውራ ምስጋናይ ይብጻሕኪ።

ክንዲ'ቦ ክንዲ'ደ ዝኾንኪ ባዕልኺ
ክንዲ ሓውን ሓፍትን መትከል ዘቐደምኪ
ቤተሰብ ዓጽመ-ስጋ ብፍጹም ረሲዕኪ
ሃገር ዝሕመረቱ ኣዕኑድ ብሶላኺ
ኣደ ንእስነተይ ኣማን ብኣማን ሕላገት ገድሊ ኢኺ።

ክፍሊታትኪ ዝተሸፈነ ብጸሓይ ፈርሐት
ሎሚ ንዘረኣዮ ይመስሎ ትርጉም ኣልቦ ፍርስራስ
ውሽጥኺ ግን ጽኑዕ ኣዕኑድ'ዩ ብመትከል ዝዕየር
ትሕዝቶ ፍልጠትኪ ብማዕረ ዝማቐል
ሎም ዘለኹዎ'ውን ካብኡ'ዩ ዝኾቅል።

ምህሮን ገድልን ዝጣመረት ታሪኻዊት ስንጭሮ
ምሩጻት ኣፍርያ ዝኸፈለት ሱብ በላሕቲ ኣእምሮ
መዓስ ጥራይ ነይራ ትምህርቲ ተዐኩኽ
ብዙሓ'ምበር ኩስኩሳ ዝሰርሑ ታሪኽ።

ታሪኽኪ ህያው'ዩ ኣብ ሎምን ጽባሕን
ስለ ዘቐንጠጥክለይ ድሕረትን ጸላምን
ስለ ዘትሓዝክኒ ኣደብን ስርዓትን
እው፡ ዘንሰኺ ዝመሃርክኒ ትብዓትን መስዋእቲን
ዘይንሰኺ ዘፍለጥክኒ ትርጉም ሃገርን መግዛእቲን
ዘይንሰኺ ዝመሃርክኒ ቅንዕናን ብጻይነትን
ኣባኺ ለሚደዮ ማእቶትን ረሃጽን
ኩሉ ምሂርክኒ ፍሽኽታን ምሕረትን
ወትሩ ኢኺ ትዝክሪ ክብረትን ዕጥቐትን።

ሎም እንክዝክር ወርቃዊ በዓልኪ
እምለስ እዕዘር ናብቲ ስፍራታትኪ
ምስቶም ዘዕበዩኒ ሱብ ራኢ ብጾትኪ
ንጸውየሉ'ሎና ኩሉ ውዕሎታትኪ
ኣበይ'ሞ ይውዳእ ናትኪ ኣበርክቶ
ኣውዒሉ ዘሐድር ታሪኽ ዝዘንቶ።

መልክዕኪ ዝደወና እተን ሲኦል ሰማይ
እወ ዘበላኒ ንቅርብዒት ርሓቑለይ
ሰሚዕኪዶ ትኾኒ ከም ዘብርረን ባዕለይ
ጻማኺ'ዩ ሳሕለይ ክብረት ይሃበለይ
እወ ሳላኺ'ዩ ውድብይ ኣለኹ ኣብ መትከለይ
እወ ጸኒዐ'ለኹ ኣብ ሕድረይ።

**ሓድጉ ዕቑባጋብር (ወዲ ዐቑቤ)**
**ኩብንያ ዕደና ቢሻ**

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ

ኣብ 5ይ ክፋል ዓምዲ ልምዓት፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ “ገስጋስ መደብ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ንዓበይቲን - ካበይ ናበይ” ብዝብል፡ ንናይ ቅድሚን ድሕሪን ናጽነት፡ ናይቲ መደብ ንጥፈታት ዝድህስስ፡ ምስ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ዋና ዳይረክተር፡ ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ኣቶ ገብረዝጊ ድማምን ኣብቲ ኽፍሊ፡ ሓላፊ ጨንፈር ምውጣንን ምምዕባልን ካሪክለም ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ ኣቶ ትካቦ ኣይሙትን ዝተኻየደ ቃል መሕተት፡ ብተኸታታሊ ናባኹም እንብሎ ዘለና ጽሑፍ፡ ፖሊሲ ትምህርቲ ህ.ግ ብዘይ ናይ ዕድመን ጾታን ኣፈላላይ ኩሉ ሰብ ክመሃር መሰልን ግዴታን ምዃኑ፣ ብዓቢኡ ሰሩዕ ትምህርቲ’ውን ስለ ዘሎ፡ ብዛዕባ ምስ ሰንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ብዓቕሞምን በቲ ዝኽእልዎን መንገዲ ክመሃሩ መሰሎም ምዃኑ፣ ኣብዚ ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ኣድማዒ ስራሕ ይሰራሕ ምህላዉ፣ ካብዚ ወጻኢ፡ ምናልባት ቀዳምነት ዝወሃቦ ክፋል ናይ ሕብረተሰብና ኣሎዶ፧ ዝብሉ ትሕዝቶ ምቕራቡ ይዝከር። ሻብዓይ ክፋሉ ይሰዕብ፦

ስእሊ - ኣብርሃም በየነ
ሻዱሻይ ክፋል

**• ኣብ ፈለማ ምጅማር ትምህርቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ፡ “ዝተማህረ ክምህር፡ ዘይተማህረ ክመሃር” ከም ጭርሖ ይሰርሓሉ ምንባሩ ይፍለጥ። እዚ ስራሕ’ዚ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክሰርሖ፡ መማህር ክብጽሖ ሰሩዕ መደብ ከተወጽእ ስለ ዘለዋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ህዝቢ ዝተማእከለ ምስ ዝኾውን እዩ ክዕወት ዝኽእል። ከምዚ ዓይነት መንፈስ ክቕጽል ምእንቲ ኸኣ፡ ብዞማዕበለ ኮም ዝተሰረተ ክኾውን ከመይ ኢና ክንነብር፧ ዝብል ኣተኩሮ ዘድልዮ እዩ። ንኽምዚ ዓይነት ወፍሪ ክድግፉ ዝኽእሉ፡ ህግደፍ፡ ምምሕዳራት፡ ሃግደኤ፡ ሃማመተኤ ዝኣመሰሉ መሓውራት ኣለዉ። ውህደት ናይ እዚኦም ኩሎም፡ እቲ ወፍሪ ኣብ ዓወት ክበጽሕ ሓጋዚ’ዩ። ብዘዕባዚ ዝግበር ንጥፈታት ንዝሎ ድፍኢት እንታይ ኣሎ፧**

**ኣቶ ትካቦ**

“ኣገዳሲት ነጥቢ እያ። ምኽንያቱ፡ መደብ ናይ ምጥፋእ መሃይምነት ክንብል ኾቓጣታት ንኸፍቶ ዘለና፡ ከም እናሰፍሐ ዝኸይድ ምድኻን ኣብዮት ሰሩዕ ትምህርቲ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ዝህሉ ኣይኮነን። ኣይክህሉን እዩ። ልክዕ’ዩ ኣብ መላእ ሃገር ማእለያ ዘይብሎም ኾቓጣታት መምሃሪ መደብ ትምህርቲ ምጥፋእ መሃይምነት ከፊትና ኣለና። ድሕሪ ግዜ፡ ዜጋና ኣንቢብካን ጽሒፍካን ምኽኣል ምስ መጸኡ፡ ምናልባት ድግሲ እንተ ዘይኣጋጠሙ፡ ኣገዳሰኑት ኣይክህልዎምን እዩ። ድግሲ ምስ ዘጋጥም ግን ኣድላይነቱ ቀጻሊ ክህሉ ከም ዝኽእል ምፍላጥ የድሊ። እዚ ንኸይመጽእ’ሞ፡ ‘ተሓጺብካ ናብ ጭቃ’ ድማ ንኸይከውን ግን ኣብ ኣተሓሕዛ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ውሕሉል ሜላ የድሊ።

“ስለዚ እዚ መሰረት ብምግባር፡ ኮሚቲ ኣብያተ ንባብ፡ ወይ ከኣ ኩርናዕ ናይ መጽሓፍቲ ዝበሃል ኣገባብ ክተኣታቶ ክኽእል ኣለዎ። ኣብዚ መዳይ ከም ኣብነት ቤት ንባብ ክኽፈት እንተ ደኣ ኢልና፡ ፈለማ ኣብ ኣእምሮና ዝቐረጽ፡ ትሕተ ቅርጺ፡ ኩብሒ ናይ መጽሓፍቲ መኣርሒ ወዘተ ዘለዎ እዩ። ኣብ ከተማ ደለየ ምኸኑ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ግን እዚ ከተማልእ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእልዶ፧ ዝብል ሕቶ’ዩ ዝስዕብ። ኣብዚ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝዝርጋዎ ንጥፈታት ከም ኣብነት እንተ ተጠቒሰ ጸቡቕ እመስለኒ። ንሱ እንታይ’ዩ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ስራሕ፡ ክሱብ ታሕቲ ምምሕዳራት ወረዳ ዝሰርሓሎም ኣለዎ። ሓደ ኣብነት ናይ’ዚ፡ ‘ናጻ ደገ ቀልቀል ካብ ምውጻእ’ ዝብል’ዩ። እዚ ዝያዳ ውሑስ ክኸውን ግን ትምህርቲ ምስኡ ክተኣሳሰር ኣለዎ። ምኽንያቱ ክልቲኦም ጸላታት (ትምህርቲን ጥዕናን) ንሓድሕዶም ዝተኣሳሰሩ ስለ ዝኾኑ። ስለዚ ኣካይዳ ናይ ሚኒስትሪ ጥዕና ብእወታ ጠሚትካ፡ ከመይ ገይርካ ኣብ ታሕቲ ወረድካ ትሰርሓሉ፡ ሓንቲ ዝተማህረት ኣደ ኑታ ምስኣ እትመሃር ኣባል ጉጅለ ህግደፍ፡ ሃግደኤ፡ ሃማመተኤ፡ በዞም ቁይሞም ዘለዉ ማሕበራውያን ሓይሊታት ከመይ ገይርና ክንሰርሕን ማሕበራዊ ፍትሒ ከረጋግጽን ንኽእል ክሰርሓሉ ዘለዎ’ዩ። ኣብዚ ክጥቀስ ዝኽእል ካልእ ኣብነት እውን ኣሎ። ኣብ ሃግደኤ 1 (ሓደ) ን 50 ዝብል ኣወዳድባ ኣብ ዓዲታት ኣሎ። እዚ ኣወዳድባ’ዚ፡ ካብተን ዝቕሓን ናይ ትምህርቲ መንቋሕቋሕታ ዘለወን ብምምራጽ፡ ንኡብሰን ከምዝመሃራ ክግበር ይከኣል’ዩ።

“ስለዚ፡ ኣብዚ ከም ሓሳብ ዝመጸኒ፡ ኣማሓዳሪ ከባቢ ከም ድልድል ህዝብን መንግስቲን መጠን ኑቶም ዘማሕድሮም ዘሎ ህዝቢ ከም ዝመሃሩን ሓበሬታ ከም ዝረኽቡን ኣብ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ። ህላወ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ሓንቲ ዓዲ፡ ዜጋታት (ቁልዑ፡ መንእሰያትን ንዓበይቲን) መንቋሕቋሕታ ትምህርቲ ክህልዎም ተባዚሒ’ያ ትኽፈት። በዚ መሰረት ዓቕማ ዝፈቕዶ ዜጋታት ከተንቅሕ ሓላፍነታ’ዩ። ንሕና’ውን ካብዚ ተበጊስና፡ ኣማሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ፡ ምስ ተወከልቲ ጥዕና ዓዲን ካልኦትን እቲ ዘሎ ሕብረተሰብ ክመሃር ኣብ ምግባር ኢና ንገሰግሶትና እንኸይድ ዘለና።

“ማዕረ-ማዕረ እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ፡ ንባብ እውን ክምዕብል ስለ ዘለዎ፡ ጽሑፋት ቋንቋ ኣደ ክዓሎ ክኽእል ኣለዎ። በሊጹ ዓሪር፡ ብዓዌት ወዘተ ከም ኣብነት ምስ እንምልከት፡ ዝንበብ መጽሓፍቲ የብልናን እንተ ደኣ ኢሉ፡ ዝተዓለወ ሃልዩ ኣብ ዕዳጋ ክርከብ እንተ ዘይተኻኢሉ፡ ካበይ ክመጽእ ይኽእል፧ ምኽንያቱ መብዝሕትኦም ኣብ ዕዳጋ እንረኽቦም ጽሑፋት ትግርኛ’ዮም። ስለዚ ኣብዚ ጉዳይ ሕብረተሰብና፡ መሃይምነት ዝዓብለሎ ምዃኑ ምፍላጥ የድሊ። እዚ ንምውጋድን ብደቂቕ ንምጽናዕን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞባ ዝርከብ መሃይምነት ዘጥፍኣን ዘይጥፍኣን ዓዲታት ነንበይነን ሒዞመን ኣለዉ። ምጥፋእ መሃይምነትን መደብ ዓጸዋትን ዝወደለን ዓድታት ከኣ ንበይነን ሐዞመን ኣለዉ። ኣብዚ ብሰሩዕ ትምህርቲ ይኹን ብትምህርቲ ንዓበይቲ ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸባ ዓድታት ኣለዋ። እዚ ብኸምዚ ዓይነት ናይ ፈላሊኻ ምልላይ ስራሕ ካብ 2010 ዝሓዝናዮ እዩ። ባጀት ረኺብና ሓደስቲ ኾቓጣታት መምሃሪ ክንከፍት ኣብ እንበገሰሉ፡ ቀዳምነት እንህበን ቅድሚ ሕጂ ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸባ ዓድታት ኢና ኾቐድም። ብኸምዚ ዝጸንሓ ዕድል ዘይረኸባ ዓድታት እናጉደላ ይኸዳ ኣለዋ። ኣብዚ፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከም ኣብነት እንተድኣ ርኢና፡ ኣብ 2010፡ ዕድል ናይ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዘይረኸባ 153 ዓድታት ነይረን። ኣብዚ እዋን’ዚ መሃይምነት ዘጥፍኣ ናብ 40 ወይ 50 ኣብሊን በጺሐን ኣለዋ። ዞባ ኣብዚ ዝቕጽል 5 ዓመት፡ እዘን ተሪፈን ዘለዋ ብምሉኣን ክበጽሓ ውጥን ገይሩ ኣሎ።

“ጭርሖ ትምህርቲ ግዜ ቃልሲ፡ “ዝተማህረ ክምህር፡ ዘይተማህረ ክመሃር” ዝብል’ዩ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ “ምጥፋእ መሃይምነት ይጽንሓለይ ዘይበሃል ሃገራዊ ዕማም’ዩ” ብዝብል ጭርሖ ሓዚ ነዊሕ ዓመታት ተሰሪሑሉ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ኸኣ፡ “መሃይምነት ዘጥፍኣት ዓዲ ክይትህልወና!” ብዝብል ጭርሖ ዝቕጽል ዘሎ መደብ’ዩ። ሰሪ መሃይም ምዃኑ ዓቕሞምን ብቕዓቶምን ዝድረት ዜጋታት ክህልዉና የብሎምን ዝብል መትከል ዝኽተል ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኮማዊ መሰረት ሓዚ፡ ደረጃ መይምነት ኣብ ሃገርና ካብ ሰሩ ንምንቃሉ ዝተበገሰ ወፍሪ ኣብ መሕልቡ ንምብጻሕ ከኣ ብዝሰፍሐ መልክዑ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዚ መደብ ኣብ ምዕዋት፡ ቀጠባዊ ኩነታት ጉዲፍካ፡ ልዑል ግደ ክህልዎም ትጽቢት ዝግበረሎምን ዝከኣሎም ኣብ ምድግጋፍ ዝዋስኡን ንጡፋት ኣመሓደርቲ ከባቢ እውን ኣለዉ።

“ኩነታት ምጥፋእ መሃይምነትን መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲን ኣብ ዞባ ማእከል ከም ኣብነት እንተ ደኣ ርኢና፡ ነቲ ተልእኾ ኣብ ምዕዋት ግደ ክህልዎ ይኽእል ዝብልዎ ንፈቲና መደብ ሓንጺጾም። ንሱ እንታይ’ዩ፡ ኣሰታት 10 ሽሕ ናቕፋ ካብ ኮሚቲ ገዝዘብ ብምሓዝ፡ ኣብ ትምህርቲ ሓገዝቲ ዝበልዎም ጽሑፋትን ጋዜጣታትን ብምግዛእ፡ ንዝሎ ዘይምዕሩይ ዝርግሐ ናይ ሓበሬታ፡ ምዕሩይ ናብ ምግባሩ ከም መሰረታዊ ፍታሕ ክኸውን ትኽእል ዝበልዎ ገይሮም። ከምዚ ዓይነት ተበግሶ፡ ናትና ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይቲን ሚድያን ጥራይ ዘይኮነ ግደ መሻርኽቲ ኣካላት ዘድልዮ እዩ።

“ሚኒስትሪ ጥዕና ብደረጃ ሃገር ገስጋሶት ኣብ ዝውድበሉ እዋን፡ ብዙሕ ጽሑፋት’ዩ ዘዳሉ። ኣብዚ ከም ኣብነት እንተጠቐሶ ሃምሰት፡ ብውዕወዕ መንፈስ ኣብ መላእ ሃገር ገስጋስ ይግበረሉ ኣብ ዝበረሉ ግዜ፡ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዘይተኣደሉ ጽሑፋት ይዳለዉ ምንባሮም ክዝከር ዝግባእ’ዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ግን በረርቲ ጽሑፋት ክሱብ ኣብ ታሕቲ




ይበጽሑ የለዉን። ብጠቕላላ በዚ መደብ ዝተማህሩ’ሞ ብቛንቋ ኣደኦም ክጽሕፉን ከንብቡን ዝኽእሉ ኣካላት ኣለዉና። እዚኦም ደረጃ ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ዓቕሞም ክበርኽ ብቐጻሊ ከንብቡ ዝንበብ ክቐርበሎም የድሊ። እዚ ንምግባር፡ ጽሑፋት ክሱብ ኣብኦም ዘይበጽሓሉ ምኽንያት ግን እንታይ እዩ፧ እዚ ነገር’ዚ ንምፍዋስ፡ ጽሑፍ ከበርክት የድልየና። እዚ ንምግባር፡ ቀሊል ዘይኮነ ግን ከኣ ከም ስትራተጂ ሒዝናዮ ዘለና፡ ‘ኑቲ ኮሚቲ መሰረት ዝዘበረ ምዕባለ’ ንዝብል ፖሊሲ መንግስቲ፡ ወረድና ክንሰርሓሉን ኣብኡ ዘሎ ሃገፍ ክንምልኦን’ዩ ዘለና። ምምላእ ናይዚ ሃገፍ፡ ዓወት ይዛበና፡ ኣብዘን ዝቕጽላ 5 ዓመት ወጢንና ኣለና። ኣብዚ ምናልባት ከም ተወሳኺ ተባዚሉ ዝጥቀስ ሶላር እዩ። እንተ’ኾነ ሶላር ዝዘኣን ዝጥቀማ ዓዲታት ከኣ ኣለዋ። ምስ ግዜ ቀጠባዊ ኩነታትና እናተመሓየሸ ኣብ ዝኸደሉ እዋናት ከኣ ብዝተማልአ መንገዲ ዓድታት ክጥቀማሉ ብዝሰፋ እንጽዕሮ እዩ።”

**ይቕጽል...**







# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ምምሕዳር ማእከል ከተማ ንተካእቲ ህጻናት ግራስ ሩት ኣተባቢዑ



ምምሕዳር ማእከል ከተማ፡ ብሰኑይ 14 መስከረም ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ካብ 6-10 ንዝዕድመኦም 400 ተኻእቲ ስፖርታውያን ቆልዑ ምሉእ ናውቲ ስፖርት፡ ንኣሰልጠንቲ ኣባላት ኮሚቴ ስፖርትን ደማ ብተመሳሳሊ ሓገዝ ኣወፍዩ። ብዘይካዚ ኣብ ክረምታዊ ውድድር ክሳተፉ ንዝጸንሑ 130 ስፖርታውያን ህጻናት ኣሰታት 65 ሽሕ ናቕፋ ንናውቲ ትምህርቲ ዘገልግል ንፍሲ ወከፎም 500 ናቕፋ ሓገዝ ከም ዘወፈየ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪት ን/ዞ/ማእከል ከተማ ወ/ሮ ሂወት መንክ፡ ኣባላት ኮሚቲ ስፖርትን ኣሰልጠንትን ኣብ ዝተረኽበሉ ናይ ምዕዳል ስነስርዓት፡ ንኹሎም ህጻናት ተኻእቲ ስፖርታውያን ምስ ኩሉ ሕጽረታት ናውቲ ስፖርት ከም መጠነ ዝኾነ ዕጥቂ ብምምሕዳር ማእከል ከተማ ምብርካቱ ብምግላጽ፡ ካልኦት ምምሕዳራት ተመሳሳሊ ተበግሶ ክወስዳ መልእኽቲ ድሕሪ ምሕላፉ፡ ንኹሎም ተኻእቲ ስፖርታውያንን ነበርቲ ማእከል ከተማን ኣብ ስፖርት ብዝዛዕበርዎ ኣበርክቶ ኣመስጊኑ።

## ማእከል - ኲዕሶ መርበብ ንዝኽሪ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተዛዚሙ

### ዓራርብ ብደቂ ተባዕትዮ - ሳሊና ብደቂ ኣንስትዮ ዕዉታት ኮይነን

ብምኽንያት ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ “ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓደሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር” ብዝብል ቴማ ክካየድ ዝቖየ ውድድራት ኲዕሶ መርበብ፡ ብሰንበት ኣብ ሜዳ ቮሊቦል ተዛዚሙ። ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ውድድር ሰለስተ ግጥማት ተኻይዱ።

ፈለማ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ንደረጃ ዝተራኸባ ጋንታታት ማሕታን ደንደንን ኮይነን፡ ደንደን ናይ ንኡስ ዞባ ጉዳይፍ ኣብ ልዕሊ ማሕታ ናይ ንኡስ ዞባ ኣባሻውል ኣከታቲላ 25ብ22 ከምኡ’ውን 25ብ19 ብምስዓር ሳልሳይ ደረጃ ኣውሒሳ።

ኣብ ዝሰዓበ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ፡ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዓላ ናይ ንኡስ ዞባ ጋሽ ነፋሒት ምስ ሳሊና ናይ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ተራኺበን። ተጻወትቲ ዓላ ጥንቁቕ ዝኾነ ጸወታ ብምክያድ ጸቢቕ ወጽኢት እናመዝገባ ንቀዳመይቲ እብረ ተቐጻጺረንኣ’ኳ እንተነበራ፡ መዛኖአን ሳሊና ብልዑል ሞራል ደገፍተን ተሓጊዘን ካብ ድሕሪት ተበጊሰን ብዓወተን 27ብ25 ዛዚመንኣ። ካልኣይ እብረ፡ ዓላ ንጸወታ ማዕረ ንምቕያር፡ ሳሊና ደጊመን ክዕወታ ሓያል ምውድዳር ተራእዩ። ዓወት ዘይፍለያ ሳሊና ድማ ሰለጡዋ 25ብ21 ብምስዓር ብድምር ወጽኢት 2ብ0 ዕወትቲ ክትከውን በቒዓ።

ኣብ መወዳእታ እተን ኣብ ሰለስተ ግጥማት ከይተሰዕራ ዝጸንሓ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ዓራርብ ናይ ንኡስ ገዛ ጣንዳ ምስ ፕንፈሎም ናይ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ እየን ተራኺበን።

ኣብ ቀዳመይቲ እብረ፡ ተጻወትቲ ዓራርብ ዓብለሎም ብምቕራብ ብገፊሕ ወጽኢት 25ብ13 ክዛዝምዋ ክኢሎም። ኣብ ዝቐጸለት ሰት ተጻወትቲ ፕንፈሎም ተወሃሂዶም ብምቕራብ ንዓወትኳ እንተ ሃደኑዋ ክሰልጦም ግና ኣይከኣለን። እኳ ደኣ እታ ብእንኮ ጓል ኣንስተይቲ የዲት ፍትዊ ትሰልጦን ዓራርብ፡ ደጊማ 25ብ21 ብምዝዛም ብድምር 2ብ0 ብምዕዋት ሻምፕዮን ኮይና።



ብመሰረት ዝተረኽበ ወጽኢት፥ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፣ ዓራርብ፡ ፕንፈሎም፡ ደንደን ክዕወታ እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሳሊና፡ ዓላ፡ ዘሮ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዘሎ ደረጃ ሓዚየን ዛዚመን።

## ማራስካ ኣብ ኣካታዊ ዓወት ጋንታኡ ንኮሚተ ደያኑ ፕሪመር ሊግ ይነቕፍ

ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ሲቲ ኢንዞ ማረስካ፡ ኣብቲ ጋንታኡ ኣብ ልዕሊ ማንቸስተር ዩናይትድ 1ብ0 ዝተዓወተትሉ ጸወታ፡ ብዛዕባ ቫርን ደያኑን ኣመልኪቱ ንደያኑ ፕሪመር ሊግ ነቒፉ።

ኣብቲ ግጥም ፎሸቶ ሃላንድ ካብ ጸወታ ወጻኢ ተባሂላ ተሰሪዛ እኳ እንተ ነበረት፡ ጥልቃ ዝኣተወ ቫር ግና ኣጽዲቑዋ። ይኹን እምበር ድሒሩ ኣብ ዝወጸ ሓበሬታ፡ ውሳነ ቫር ቅኑዕ ከም ዘይነበረ ብምምልካት፡ እቶም ኣብ ቫር ዝነበሩ ደያኑ ኣብ ዝመጽእ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ዝኾነ ጸወታ ከይዳንዱ ምእጋዶም ይፍለጥ።

በዚ ዝተቖጥዐ ኣሰልጣኒ ማረስካ ድማ፡ ዓወት ጋንታኡ ብሓገዝ ቫር ዘይተኻሰ ብዘይሕለል ጻዕሪ ተጻወትቱ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንውሳነ ቫር ምሉእ ብምሉእ ከም ዘድግፎ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ሲቲ ብዓሰርተ ተጻወትቲ ዝተዓወተትሉ ምሸት፡ ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ተጻወትቱ ድኹም ምንባሩ ብምእማን፡ እቲ ዝደለ ዓወት ክጉናጸፉ ብምኽኣሎም ግን ሕጉስ ምዃኑ ሓቢሩ።

“ኣብ ዝተፈላለየ ኢጋጣሚ ጌጋ ኪጋጥም ንቡር እዩ። ብፍላይ ኣብ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ውሳነ ቫር ንሓድሓ እዩ። ቫር ሓደ ሓደ ግዜ ንጋና ዝድግፍ፡ ሓንሳብ ድማ ኣንጻርካ ዝቐንዐ ውሳነ ክህብ ንቡር እዩ” ዝበለ ማረስካ፡ ቅድሚ ሕጂ ውሳነታት ቫር ኣንጻር ሲቲ ማእለያ ከምዝይነበሮ ብምጥቃስ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2023 ተሓጋጊዚ ጓርድዮላ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዩናይትድ 2ብ1 ዝተሳዕረሉ ጸወታ ጉዳይ ናይቲ ቫር ዘሕለፎ ውሳነ ምዃኑም ኣረዲኡ።

ማረስካ ወሲኹ፡ “እዚ ክሳብ ዝኾነ ድማ ሰቡት ኣብ ክንዲ ኒታ ሹቶ ዘድንቑ ዝኾቐፉ ዝበዝሑሉ ፍጻመ ኮይኑ ተሰሚዑ። እዚ ግን ግቡእ ኣይኮነን። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብዚ ሹቶ ዘለዎ ርድኢትን ኣጠማምታን ክቕይርን ይቐረታ ክሓተናን ድማ ንጸቡ፡” ኢሉ።

ሓላፊ ዳኛት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ሃዋርድ ዌብ፡ ሹቶ ሃላንድ ቅድሚ ብቫር ምጽዳቓ፡ ኢንዞ ፈርናንደዝ ካብ ጸወታ ወጻኢ ምንባሩን ዘይምንባሩን ኣብ ግምት ከም ዘእተወ ድሕሪ ምእማኑ እዩ፡ ማረስካ ኣብቲ ጉዳይ ዘይዕግበቱ ዝገለጸ ዘሎ። ውሳነን ምትእትታውን ቫር ኣብ መድረኽ ፕሪመር ሊግ ኣካታዊ ዛዕባ ብምፍጣር ንመቐረት ናይቲ ውድድር ዘጉድል ምዃኑ፡ ብዙሓት ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ይሰማምዑ።



> **መደብ ጸወታ ሎሚ**
>
> ካራባኦ ካፕ
>
> ማን ሲቲ - ኖርዊች ሲቲ 9:30 ድ.ቀ
>
> ላሊጋ
>
> ሪያል በትስ - ገታፈ 8:00 ድ.ቀ
>
> ማሊጋ - ቪላሪያል 10:30 ድ.ቀ

## ማእከል - ንዝኽሪ 50 ዓመት ቤት/ት ሰውራ ውድድራት ኲዕሶ እግሪ ኣብ መዛዘሚ ደረጃ በጺሑ



ንዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት/ት ሰውራ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ሰሉስ 15 መስከረም ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ጸወታ ኲዕሶ እግሪ ተሳሲሱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ግሁተብ (ምም /ገጀረት) ምስ ጉዳይም (ኢንሹራንስ) ንደረጃ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ምዱብ ግዜ 1ብ1 ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ጉዳይም ንግሁተብ ብፍጹም ቅላዕ 5ብ3 ብምስዓር ሳልሰይቲ ተርታ ሒዛ ዛዚማ። ሽሻን መብራህቱ ናይ ግሁተብ ድማ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ደቂ ተባዕትዮ ጀልሃንቲ (ኣስመራ-ብራ) ምስ ሳትረብ (ኩ/ሰንበል) ንደረጃ ኣብ ዘካየድዎ መሳጢ ጸወታ፡ ጀልሃንቲ 2ብ0 ብምስዓር ሳልሰይቲ ኮይና ተዓዊታ። ሓላዊ ልዳት ናይ ኩ/ሰምበል ናኤብ ተኽለሃይማኖት ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ካብ ሓደ ክሳብ 15 መስከረም ክካየድ ዝቖየ ዝኽሪ 50 ዓመት ምምስራት ቤት/ት ሰውራ ኣብ መዛዘሚ ደረጃ በጺሑሉ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ንፍጻመ ደቂ ኣንስትዮ ሓወልዕ (ደንደን) ምስ ግልዕ (ኩ/ህ/ሰገን) ፍርቂ መዓልቲ፡ ደቂ ተባዕትዮ ቀብርወእት (ኣዱሊስ) ምስ ዓራግ (ቀይሕባሕሪ) 03:00 ድ.ቐ ሎሚ ሓሙስ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብዑላዊን ስፖርታዊን መሰናድኣታትን ከምኡ’ውን ምዕዳል ሽልማትን መጋረጃኡ ክዐጹ መደብ ተታሒዙ ምህላዉ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ።

## ተጻወትቲ ማድሪድ ንሰደተኛታት ዝቃወም ጽሑፍ ዘለዎ ማልያ ንምልባስ ሓንጊዶም

ገለ ብሉጻት ክዋኽብቲ ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ ጉዳይ ናብ ስጳኛ ዝኣትዉ ዘለዉ ስደተኛታት ዝቃወም ጽሑፍ ዘለዎ ማልያ ለቢሶም ድሕሪ ምእታዎም፡ ኣብ ቅድሚ ካሜራ ማልያታቶም ብምሽፋኖም፡ ኑቲ ስጳኛ ናብ ሴውታ ንዝኣትዉ ስደተኛታት ትኽተሎ ዘላ ፖሊሲ ክድግፍዎ ፍቓደኛታት ዘይምዃኖም ዘርኢ ኣብኡ ምዃኑ ተገሊጹ።

ኣብቲ ማድሪድ ምስ ኤልቼ ግጥም ንምክያድ ዝሸባሸበሉ ዝበሩ ግዜ፡ ናይ ክልተኣን ጋንታታት ተጻወትቲ፡ ብቛንቋ ስጳኛ “ቶዶስ ሶሞስ ካባላስ” ማለት “ኩላትና ሴውታ ኢና” ዝብል ጽሑፍ ዝበሮ ማልያ ተኸዲኖም ኣትዮም። ዝበዝሑ ተጻወትቲ ንትራእይኑት ብዘጥዕም መንገዲ ማልያታቶም ምሉእ ብምሉእ ክዘርግሕዎ እንከለው፡ ተጻወትቲ ሪያል ማድሪድ - ምባፐ፡ ቪኒሰዩስን ኮናተን ግና፡ ማልያታቶም ክሳብ ኣፍ ልቦም ብምጥቕላል ንትሕዝቶ ናይ’ቲ ጭርሖ ክሽፍኑ ተራእዮም። በዚ ድማ እዞም ክዋኽብቲ ኑቲ ስጳኛ እተካይዶ ዘላ ምዕጋት ስደተኛታት ከም ዘይድግፉ ብዘይተዘዋዋሪ ኣርእዮም።



ተጻወትቲ፡ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጦም፡ ምባፐን ቪኒሰስን ማልያታቶም ብቐልጡፍ ከውጽኡ እንከለው፡ ኮናተ ግና፡ ንደቓይቕ ኒታ ጽሑፍ ዝበራ ማልያ ኣብ ዝባኑ ከጽንሓ እዩ ተራእዩ።

ማድሪድ ናብታ ኣብ ጉምጉም ሰሜን ኣፍሪቃ እትርከብ ስጳኛዊት ርእሰ-ምምሕዳር ዘለዋ ከተማ ሴውታ ናይ ዝኣትዉ ቁጽሪ ስደተኛታት ክትቃወም እዚ ናይ ፈለማ ኣይኮነን። 8 መስከረም ኣብ ሜዳኣ ሳንትያጎ በርናቡ ምስ ኢንተር ሚላን ፈላሚ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ርክብ፡ ደገፍታ ኣርማ ናይታ ርእሰ ምምሕዳር ዘለዋ ከተማ ዘርኢ ካርድታት ብምንብልባል ኒታ ከተማ ዘለዎም ደገፍ ከምዝርኣዩ ይፍለጥ።

እዚ ተበግሶ ድማ ሓደ ኣካል ናይቲ ንሴውታ ዝተጉብረ ሰፊሕ ደገፍ ኮይኑ፡ ኣብታ ብስደተኛታት ኣዕለቕሊቓ ዘላ ከተማ፡ ናዕቢ ኣለዓዒሉ ምህላዉ ይሕበር።

ኣብቲ ማድሪድ ኣብ ልዕሊ ኤልቼ 3ብ2 ዝተዓወተትሉ ግጥም፡ ባርሰሎና ንጉዳይ ስደተኛታት ካብ ሞሮኮ ናብ ሴውታ ግዙኣት ስጳኛ ዝኣትዉ ዘለዉ ስደተኛታት ኣመልኪታ ዘርኣየቶ ኮነ ዝበኸቶ ርእይቶ ወይ’ውን ደገፍ ዘይምህላዉ ዝተፈልየ መርገጺ ክህልዋ ከምዝኽእል ይንገር።

## ውድድራት ቸዝ ‘እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ’ ተዛዚሙ

ውሽጣዊ ውድድራት ቸዝ እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ተዛዚሙ።

ደቂ ኣንስትዮ ፈንቅል ንጽገዎት፡ ጸሓይ በርቂ ንሓለበት፡ ሕድሪ ንዊና፡ መሰረት ድማ ንርኬት ብተመሳሳሊ ወጽኢት 3ብ0 ሰዒረንኣ። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ርኬት ንሕድሪ፡ ዊና ንሓለበት፡ ጽገዎት ንፈንቅል፡ መሰረት ንጸሓይ በርቂ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 3ብ0 ተዓዊተናለን።

ብውልቂ ደቂ ኣንስትዮ ሚልዮን ጎይትኦም ካብ መሰረት፡ ራሄል ቴድሮስ ካብ ርኬት፡ ለውዛት ክፍላይ ድማ ካብ ሕድሪ ዕዉታት ክኾና እንከለዋ፡ ደቂ ተባዕትዮ ኣቤል ጉዕሩ ካብ ዊና፡ መለስ ገ/መስቀል ካብ መሰረት፡ ኣይመን መሓመድ ካብ ጸሓይ በርቂ ዕዉታት ኮይናም ተሸሊሞም።



እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ናይ ካልኣይ ዙርያ ውድድራት ኲዕሶ እግርን ኲዕሶ መርበብን ኣብ ከተማ ባጽዕ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ኣብ ዝርከብ ፈንቅል ኣየር ቤይዝ ካብ ዕለት 22 መስከረም 2026 ክቕጽል ምዃኑ ስታፍ ሓበሬታን ጎስጓስን ናይቲ እዚ ሓቢሩ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## “ቻይና፡ መሰላት ኢራን ክትሕሉ ድልውቲ እያ፡” ዋንግ ዪ



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዪ፡ ሃገሩ መሰላት ኢራን ክትሕሉ ድልውቲ ምኻና፡ ምስ ኢራናዊ መዘናኡ ዓባስ ኣራግቺ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ገሊጹ።

ዋንግ ዪ ኣዚ ዝበሎ፡ ሃገሩ ኩናት ኢራን ብሰላም ንምዕራፍ መንገዲ ኮይና ክትሳተፍ ኣብ ትደልየሉ ዘላ እዋን እዩ።

ዋንግ፡ “ቻይና ምስ ኢራን ዘተን ምትሕብባርን ክተሐይል፡ ሕጋዊ መሰላትን ረብሓታትን ኢራን ክትሕሉ ድልውቲ እያ” ክብል፡ ኣብዚ ምስ ኣራግቺ ኣብ በይጂንግ - ርእሰ ከተማ ቻይና ዝተራኸብሉ እዋን ኣረዲኡ።

ርክብ ናይ'ዚም ክልተ ሰበ ስልጣን፡ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግ ናብ ኣመሪካ ብምምራሕ ምስ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ክራኸብ ምኻኑ ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ ዝተቐደ ዘሎ።

ትካላት ቴክኖሎጂ ቻይና፡ ብኣተሓሳሰብ ዝተሳኣለ ምስሊ ናይ'ቲ ኣብ የርዳኖስ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ ንኢራን ከም ዝቐረበ ንዝገልጽ ጸብጻባት ማዕከናት ዜና ኣመሪካ፡ ቻይና ክትነጽጎ ምጽንሓ ዝዝከር እዩ።

## ኣመሪካ፡ ንእስራኤል ቦምባታት ትሸጠላ

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ንእስራኤል 2.8 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡን ነፍሲ ወከፉ 907 ኪ.ግ ዝምዝንን ቦምባታት ንምሻጥ ይዳሎ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

እዚ ድማ፡ ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ናብታ ሃገር ካብ ዝሸጠቶ ተመሳሳሊ ተተኮስቲ ብዓቕን እቲ ዝዓበየ ምኻኑ፡ ጸብጻባት ጋዜጣ ዋሽንግተን ፖስትን ኣገልግሎት ዜና ኤይኤፍፒን ኣረዲኦም።

እቲ ብቤት ጽሕፈት ወተሃደራዊ ምወላ ኣመሪካ ዝተዳለወ መሸጣ ተተኮስቲ፡ 40 ሽሕ ቦምባታት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ካብኡ እቲ 20 ሽሕ ‘MK-84’ ዝዓይነቱ ቦምባታት ከም ዝኾኑ እቲ ዝተረፈ 20 ሽሕ ድማ ‘BLU-117s’ ዝዓይነቱ ምኻኑ ተገሊጹ።

እስራኤል፡ ኣብ ቃዛን ሊባኖስን ንሲቪላውያን ውሑስ ኣብ ዝበሉዎ ከባቢታት ከይተረፈ ብተደጋጋሚ ግዜ ነቲ ቦምባታት ብምጥቃም፡ ካብ ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ቀጻሊ ነቐፌታታት ክመጽኣ ጸኒሑ እዩ።



## ሕ/ኤውሮጳ፡ ካናዳ ቀዳመይቲ ተሓጋጋዚት ኣባል ክትከውን ኣፍቂዱ

ፕረዚደንት ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ ኡርሱላ ቮን ደር ሌየን፡ ካናዳ ቀዳመይቲ ተሓጋጋዚት ኣባል ናይ'ቲ ሕብረት ክትከውን ከም ዘፍቀደት ገሊጻ።

እቲ ሕብረት፡ ኣባላቱ ዝኾና ሃገራት ከም'ዚ ዓይነት ደረጃ ኣባልነት ክህብ ዘፍቅድ ዓንቀጽ ኣብ ውዕላቱ ከም ዘየለ እዩ ዝሕበር።

በዚ ድማ፡ ኣዋጅ ቮን ደር ሌየን፡ ኣብ ፖሊሲ ሕብረት ኤውሮጳ ርኡይ ለውጢ ከም ዘሎ ዘመልክት ኮይኑ ኣሎ።

ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት፡ ዩክሬን ኣብቲ ሕብረት ናይ ተሓጋጋዚ ኣባልነት ክህልዋ ጀርመን ዘቕረበቶ እማመ ከም ዝጸገብዎ ዝዝከር እዩ።

ቮን ደር ሌየን፡ ኣብ ስትራስበርግ - ፈረንሳ ብዘለዋ ኩነታት ሕብረት ኤውሮጳ ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ዓመታዊ መደረ፡ “ሸርክነት ንኤውሮጳ ስትራተጂያዊ ምርጫ እዩ” ኢላ።

ንሳ ወሲኻ፡ “እዚ ሸርክነት'ዚ፡ ኣንጻር ዝኾነ ወገን ዝቐንዐ ኣይኮነን” ብምባል፡ እቲ ምትሕግጋዝ ንፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝጻረር ከም ዘይኮነ ኣረዲኣ።



ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ ብወገኑ፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ሰሙን፡ ሃገሩ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ካብ ኣባልነት ወጻኢ ፍሉይ ምሕዝነት ትደሊ ከም ዘላ ገሊጹ ነይሩ።

ካርኒ ኣብ ኤውሮጳ ዑደት ይገብር ከም ዘሎ፡ እዚ ድማ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ሃገሩን ዝተሳዕለ ንግዳዊ ወጥሪ ምኻኑ ይግለጽ።

## ኣመሪካ፡ ንሰበ ስልጣን ደ/ኣፍሪቃ ቪዛ ትኽልክል

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ውሑዳን ጻዕዳ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ኣድልዎ ፈጺሞም ኢላ ንዝኸሰሶቶም ሰበ ስልጣን ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ናይ ቪዛ እገዳታት ከም ዝገበረት ኣፍሊጣ።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ ጻዕዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ልዕሊ መበቆል ሆላንድን ፈረንሳን ዘለዎም ጻዕዱ ዓሌታዊ ኣድልዎ ዘስዕብ ፖሊሲታት ከም ዘለዋ እዩ ክኸስስ ጸኒሑ።

ይኹን'ምበር፡ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ነቲ “ንጻዕዱ የሳድድ ኣሎ፣ መሬቶም'ውን ይምንዝዕ ኣሎ” ዝብል ክሲታት ብተደጋጋሚ ነጺግዎ እዩ።

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ክግለጽ ዝጸንሐ ስክፍታታት ከምቲ ዝድሊ ክፈትሖ ኣይከኣለን” ክብል ኣረዲኡ።

እቲ ናይ ቪዛ እገዳ ኑዖም ኣብ ዓሌት ዝተመርኮሰ ኣድልዎ ዘተባብዑ፡ ግፍዒት ዘለዓዕሉ፡ ከምኡ'ውን ብዘይ ካሕሳ መሬት ምምንዛዕ ዘፍቅዱ ሰበ ስልጣን ደቡብ ኣፍሪቃ ዒላማ ዝገበረ ምኻኑ ድማ ሩብዮ ወሲኹ ገሊጹ።

እንተኾነ ቡቲ እገዳ ዒላማ ዝኾኑ ውልቀ ሰባት ብዓል መን ምኻኖም ተወሳኺ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክህብ ኣይከኣለን።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ መጀመርታ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ስልጣን ካብ ዝምለስ ንደሓር፡ ዝምድና ኣመሪካን ደ/ኣፍሪቃን ብምሽሕካሩ፡ ኣመሪካ ነታ ኣፍሪቃዊት ሃገር ትህቦ ዝነበረት ሓገዛት ከም ዘቋረጸቶን ንኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዋሺንግተን ድማ ከም ዝሰጎጎቶን ይዝከር።

ድሕሪ ዝወጸ ጸብጻብ ገበናት ደቡብ ኣፍሪቃ ከም ዘመልክቶ፡ ጻዕዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን፡ ካብ ካልኦት ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ዓሌታት ንላዕሊ ግዳያት ጎዳዊ ገበናት ከም ዘይኮኑ የረድእ።

ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ሲሪል ራማፎሳ፡ መንግስቲ ብዘይ ካሕሳ ኣብ ሳሕቲ ኣጋጣሚታት መሬት ካብ ሓረስቶት ክምንዝዕ ዘፍቅድ ሕጊ ንምጽዳቕ ድሕሪ ምፍራሙ፡ ትራምፕ ዝሓለፈ ዓመት ንጻዕዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ናይ ሰደተኛታት ዕቑባ ክህብ ከም ዝጀመረ ይሕበር።

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ዋንነት መሬት፡ ዋላ'ውን ድሕሪ ምብቃዕ ስርዓት ኣፓርታይድ ኣዝዩ ተካቓፊ ጉዳይ ኮይኑ ይቕጽል ከም ዘሎ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ እቶም ዝጠዝሑ ጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን፡ መሬትን ሰብኣዊ መሰላትን ተነፊግዎም ከም ዘሎ ይገልጹ።

ሙብዝሕትኡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርከብ ናይ ሕርሻ ቦታታት፡ በየም 7 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ናይ'ታ ሃገር ዝሸፍኑ ጻዕዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ተገቢቱ ምህላዉ'ዩ ዝሕበር።




## የመን - ብሰንኪ ግጭት ልዕሊ 100 ሽሕ ሰባት ተመዛቢሎም

ኣብ የመን፡ ኣብ መንጎ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲን ሓይልታት መንግስቲ ናይ'ታ ሃገርን ብሰንኪ ዝቐጽል ዘሎ ግጭት፡ ዛጊት ልዕሊ 100 ሽሕ ሰባት ካብ ቤት ንበረቶም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓቢሩ።

ትካል ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ባሕሪ የመን ብቐልጡፍ ዝጋደድ ዘሎ ግጭት፡ ካልኦት ኣሽሓት የመናውያን ህይወቶም ንምድሓን በቲ ሓደገኛ መጽብቦ ባብ ኣል-ማንደብ ኣቢሎም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ንምስጋር ክብሉ ኣብ ሓደጋ ይኣትዉ ከም ዘለዉ ገሊጹ።



እቲ ትካል ወሲኹ፡ እቲ ግጭት፡ ኣብታ ሃገር ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ከየጋድስ ልዑል ስግኣት ከም ዘሎ'ውን ኣጠንቂቑ።

ኣብ ውሽጢ የመን ንዝርከቡ ተመዛበልቲ ስድራ ቤታት ህጹጽ ረድኤት ንምቕራብ፡ ብጠቕላላ ናይ 14 ሚልዮን ዶላር ሓደሽ ምወላ ከም ዘድሊ ድማ፡ እቲ ትካል ወሲኹ ኣረዲኡ።

ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኸተ
ዕለት
17/09/2026
ጎደና
ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ
ቁ.ስልኪ
125154
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services